
# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 34 ዓመት ቁ.130 ሓሙስ 30 ጥሪ 2025 ገጻት 8 ዋጋ 2.00 ናቕፋ

ገጽ 2

ንሽግራ ናብ ረብሓ ዝለወጠት ጓል-ኣንስተይቲ

ገጽ 3
“ብዓይኒ ታሪኽ፡ ኤርትራ. . .


ገጽ 4
30 ደቓይቕ ንመዓልቲ


ገጽ 5
ሕብረተሰባት ካበይ ናበይ ብኸመይ?
The Economist INTELLIGENCE UNIT

ገጽ 7
ሃገራዊ ውድድር-ኩዕሶ እግሪ ...


## ደቡብ - ሕርሻዊ እቶት ዘደንፍዕ መደባት ጽቡቕ ውጽኢት ተረኺቡዎ

ኣብ ዞባ ደቡብ፡ ኣብ 2024 ዝተተግበረ ሕርሻዊ እቶት ዘደንፍዕ ዝተፈላለየ መደባት ልምዓት ጸቡቕ ውጽኢት ከምዝተረኽበ፡ ክፍሊ ሕርሻን መሬትን ብ27 ጥሪ ኣብ መንደፈራ ኣብ ዘካየዶ ገምጋም ገሊጹ።






ዋና ዳይረክተር ናይ'ቲ ክፍሊ ኣቶ የማን ኣብይ ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ ሳላ ጻዕሪ ሓረስቶትን ወሁድ ተሳትፎ ኣካላት መንግስቲን፡ ሕርሻዊ እቶት ዕቤት ከምዘመዝገበ ኣፍሊጡ።

ኣብ ዝቐረበ ጸብጻብ፡ ብደረጃ ዞባ ካብ ዝተሓርሰ ልዕሊ 167 ሽሕ ሄክታር፡ እቲ 80 ማእታዊት ኣእካል፣ ዝተረፈ ድማ ጥረታትን ናይ ቅብኢ ኣዝርእትን ዝሸፈነ ምንባሩ ክጥቀስ ከሎ፡ ብሀጡር ክራማት ብዝተሰላ ጻዕሪ እቶታውነት ካብ'ቲ ናይ 2023 ብ45 ማእታዊት ከምዝወሰኸ በሪሁ።

ኣብ ምህርቲ ኣሕምልትን ፍረታትን'ውን ናይ 10 ማእታዊት ወሰኽ ከምዝተራእየ ክሕብር እንከሎ፡ ውጽኢት ሃገራዊ ትካል ሕርሻዊ ምርምር ዝኾኑ ምሩጽ ኣዝርእቲ ስርናይ፡ ስገም፡ ፋጆሊን ዓተርን ንምብዝሕ ንሓረስቶት ከምዝተዓደለ ተጠቒሱ።

ንንጥፈታት ምዕቃብ ማይን ሓመድን ብዝምልከት ድማ፡ ኣብ ምፍዋስ ማይ-ክዖታትን ምምድማድ መሬት ሕርሻን ዝተኰረ ሰፊሕ ስራሓት ከምዝተሰላሰለ፣ ህንጻት ዲጋ ዓደውዓላ - ንኡስ ዞባ ማይ-ምና ከምዝተዛዘመ፣ ኣብ ንኡስ ዞባታት ደቀምሓረ፡ ዓዲ-ቐይሕን መንደፈራን ድማ ሓደስቲ ዲጋታት ይሰርሓ ከምዘለዋ ተሓቢሩ።

ተሳተፍቲ ብመሰረት ዝቐረበ ጸብጻብ ኣብ ዝበጹ ሃጓፋትን ሕጽረታትን ድሕሪ ምዝታይ፡ ሕጽረት መድሃኒታት ኣትክልትን እንስሳታትን ከምኡ'ውን ምምሕያሽ ትሕተ-ቅርጺ ኣብ ከተማታት ዝርከብ መሕረዲ ስጋ ዕቱብ ቁላሕታ ከወሃቦ ተላብዮም።

ኣመሓዳሪ ዞባ ደቡብ ኣቶ ሃብተኣብ ተስፋጽዮን ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ ኣብ ነፍሲ-ወከፍ ንኡስ ዞባ ተዋፊሮም ዝርከቡ ክኢላታት ሕርሻ፡ ኣፍራይነቶም ከም ዝዕቢ ንምግባር፣ ከምኡ'ውን ትግባረ ኣድማዒን ውጽኢታውን መደባት ምዕቃብ ማይን ሓመድን ኣብ ኩለን ንኡሳን ዞባታት ንምርግጋጽ፡ ብወሀደት ክሰርሑ ኣተሓሳሰበ።

## ኣስማጥን በሪኽን - ኣብ ምዕባይ ጥዕናዊ ንቕሓት ውጽኢታዊ ስራሕ ተሰላሲሉ

ኣብ ንኡስ ዞባ ኣስማጥ፡ ኣብ ምብራኽ ጥዕናዊ ንቕሓት ዝተሰላሰለ ውጽኢታዊ ስራሕ፡ ኣብ ባይታ ጸቡቕ ውጽኢት ከምዝተረኽቦ ተገሊጹ።

ሓላፊ ማእከል ጥዕና ኣስማጥ ነርስ ሃሸም ጆምዕ፡ ከም ውጽኢት'ቲ ብስሩዕ ዝካየድ ገስጋሳት፡ ቁጽሪ ተጠቀምቲ እናተዓጸፈ፣ ከምኡ'ውን መጠን ክትትል ዝገብራ ኣብ ትካል ጥዕና ዝሓርሳ ኣደታት'ውን እናዓበየ ከምዝመጸ ኣብሪሁ።

ኣብ 2024 ክትትል ቅድሚ ሕርሲ ናይ ዝገብራ ኣዴታት ቁጽሪ ምስ ናይ ዝሓለፈ ዓመት ብምንጽጻር ብ3 ማእታዊት ከምዝወሰኸ ብምሕባር፡ ምውዳድ መጸበዩ ነፍሰጾራት ኣብ'ዚ መዳይ'ዚ ዝምስገን ተራ ከምዘለዎ ኣገንዚቡ።

እዚ ከም'ዚ'ሉ እንከሎ፡ ተርእዮታት ሕማም ዓሶ ብውሑድ መጠን ከምዝዝረድ፣ እንተኾነ ብሰንኪ'ቲ ሕማም ዝተመዝገበ ሞት ከምዘየለ ብምርግጋጽ፡ ህዝቢ ናመሲያ ብግቡእ ክጥቀም፣ ከምኡ'ውን ወፈራታት ጽሬት ብምውዳብ ጣንጡ ዝፍረየሉ ቦታታት ከወግድ ተላብዩ።

ኣብ'ታ ማእከል ጥዕና ብዝተዋደደ ዝተማልአ ናውቲ ላብራቶሪ፡ ካብ እንስሳ ናብ ሰብ ዝመሓላለፉ ሕማማት ብቐረባ ንምልላይ መርመራታት ምጅማሩ፡ ኣብ ምውሓስ ጥዕና ዓቢ እጃም ይገብር ከምዘሎ ድማ ሓቢሩ።

ብኻልእ ወገን፡ ኣብ ንኡስ ዞባ በሪኽ፡ ኣዴታት ጥዕንኦንን ጥዕና ዕሸላተንን ንምውሓስ ኣብ ትካላት ጥዕና ክሓርሳ ብዝካየድ ቀጻሊ ገስጋሳት፡ ኣብ 2024 ኣብ ትካላት ጥዕና ናይ ዝሓረሳ ቁጽሪ ምስ ናይ 2023 ክነጻጸር ከሎ ብ5 ማእታዊት ከምዝወሰኸ፡ ሓላፊ ኣገልግሎት ጥዕና ናይ'ቲ ንኡስ ዞባ ኣቶ ኣማን ሓድሽ ሓቢሩ።

ኣብ'ቲ ዓመት፡ 1,180 ነፍሰጾራት ብውሑዱ ሓንሳብ ናብ ትካላት ጥዕና ብምኻድ ኩነታተን ከምእተኸታተላ፣ 557 ኣዴታት ኣገልግሎት ሕርሲ ከምዝረኸባ፣ ሸፈነ ክታበት ትሕቲ ሓደ ዓመት ድማ 92 ማእታዊት ከምዝበጽሐ'ውን ኣብሪሁ።



ብደረጃ ንኡስ ዞባ፡ ሓንቲ ማእከል ጥዕና ኣብ ጸዕዳክርስትያን፡ ሰለስተ መደበራት ጥዕና ድማ ኣብ ጸዓዘጋ፡ ዓዲ ሸማግለን ሓዚጋን ከምዘለዋ ብምጥቃስ፡ ኣብ'ዘን ትካላት ተመላለስቲ ናይ ዝተሓከሙ ቀጽሪ'ውን ብ18 ማእታዊት ከምዝወሰኸ፣ እዚ ከኣ መርኣያ እናዓበየ ዝመጸ ንቕሓት ከምዝኾነ ገሊጹ።

ንከባብያዊ ጽሬት ብዝምልከት፡ 21 ዓድታት ቀልቀል ኣብ ደገ ካብ ምውጻእ ነጻ ከም ዝኣወጃ፣ እዚ ድማ 86 ማእታዊት ከምዝኾነ ብዘወሳኺ ኣፍሊጡ።

ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ በሪኽ ኣቶ ተስፉ ፍስሓጽዮን ብወገኑ፡ ኣብ'ቲ ንኡስ ዞባ ዘሎ ኣገልግሎት ጥዕና ብዝተዋሃደ ዝሓሸ ዝርግሐ ከምዘለዎ ብምሕባር፡ እዚ ምሉእ ንክኸውን - ህዝቢ ተሳትፎኡ ከዕዝዝ ተላብዩ።

## ናቕፋ - ንስንኩላን ዓይነታዊ ደገፍ ተገይሩ

ጨንፈር ማሕበር ኣእምሮኣውን ምዕባለኣውን ስንኩላን ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ፡ ኣብ ንኡስ ዞባ ናቕፋ ንዝርከቡ 35 ኣባላቱ ዓይነታዊ ደገፍ ገይሩ።

ሓላፊ ናይ'ቲ ጨንፈር ኣቶ ሱሌማን መሓመድዓሊ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ እቲ ዝተገበረ ደገፍ ኣብ ዕለታዊ ሂወት ኣባላት ዝሕግዝ ከምዝኾነ ገሊጹ።

ኣእምሮኣውን ምዕባለኣውን ስንክልና ዘለዎም ዜጋታት፡ ነፍሶም ከማዕብሉን ኣብ ውሽጢ ሕብረተሰብ ተዋሳእቲ ክኾኑን ዝካየድ ጻዕሪ ንማሕበርን ስድራቤታትን ጥራይ ዝግደፍ ከምዘይኮነ ብምጥቃስ ድማ፡ ኩሉ ኣካል ሕብረተሰብን መሻርኽትን እጃሙ ከበርክት ተላብዩ።

ደገፍ ዝተገበረሎም ወገናት፡ ምስጋና ድሕሪ ምቕራብ፡ ኣእምሮኣውን ምዕባለኣውን ስንክልና ዝለዎም ደቆም ናይ ትምህርቲ ዕድል ክረሓወሎም ጸዊዖም።

ኣቶ ሱሌማን ኣብ መወዳእታ፡ ዝጸንሐ ግጉይ ኣመለኻኽታ ንምቕያርን ኣባላት ግቡእ ኣተኣላልያን ክንክንን ንኽግበረሎምን ምእንቲ፡ ዝወሃብ ኣስተምህሮታት ጸቡቕ ውጽኢት ደርኺቦ ስለዘሎ፡ ብዝለዓለ ከምዝቕጽል ኣረጋጊጹ።

ብኻልእ ወገን፡ ኣብ ንኡስ ዞባ ናቕፋ - ምምሕዳር ከባቢ ኣግራዕለዓል፡ መሰረታዊ ጠለባት ነበርቲ ክተማልእ ዝተዋደደት ንቕጣ ጥዕና፡ ኣገልግሎት ክትህብ ጀሚራ።

ኣብ'ቲ ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ናቕፋን ዓበይቲ ዓድን ዝተረኽቡሉ ስነስርዓት፡ ሓላፊ ኣገልግሎት ጥዕና ኣብ ምምሕዳራት ከባቢ ኣግራዕ ተሓትን ለዓልን - ነርስ ያሲን ዓሊ፡ እታ ንቕጣ ዘድሊ መሳለጥያታትን ሞያውያንን ተማሊኣ ከምዘሎ ሓቢሩ።

ንቕጣ ጥዕና ኣግራዕለዓል፡ ኣገልግሎት ተመላለስቲ ሕሙማት፡ ክታበት ቈልዑ፡ ክትትል ቅድሚን ድሕርን ሕርሲ፡ ከምኡ'ውን ኣስተምህሮን ካልእን ትህብ።

# ፍናቶት

ዳህላክ ነጋሲ

# ንሽግራ ናብ ረብሓ ዝለወጠት ጓል-ኣንስተይቲ

ዊኒ ሃርለው ኣብ 1994፡ ኣብ ቶሮንቶ ካናዳ ተወሊዳ። ወለዲ ዊኒ፡ ሊሳ ብራውንን ዊንድሶር ያንግን ዝተባህሉ ጀማይካውያን እዮም። እዛ ሓንቲ ካብ ጸለውቲ ሞደላት ዓለም ዝኾነት ጓል-ኣንስተይቲ፡ ኣብ ግዜ ህጻንነታ ብጉድለት ባህርያዊ ሕብሪ ቆርበት ዝኸሰት ሕማም ቪቲሊጎ (ጸዕዳ ሕማም) ከም ዝተጠቕዐት ንወለዳ ተሓበረ። ሽዑ ጓል ኣርባዕተ ዓመት ህጻን እያ ነይራ። ቪቲሊጎ ኣብ ቆርበት ሰበኣት ዘይንቡር ጸዕዳ ሕብሪ ዘማዕብል ሕማም እዩ። ብሰንኪ'ቲ ዘጋጠማ ጥዕናዊ ጸገም ድማ፡ ግዜ ቍልዕነታ ኣብ ክንዲ ብሓጎስ ብተጻጽሎ ዝተመልአ ነበረ።


እቲ ዘጋጠማ ጥዕናዊ ጸገም፡ ኣብ ልዕሊኣ ኣእምሮኣውን ኣካላውን ጽልዋ ኣሕደረ። እቶም ኣብ ከባቢኣ ዝነበሩ ሰባት ንጥዕናዊ ኩነታታ ከም ንቡር ወሲዶም ኣብ ክንዲ ምትብባዕን ምድጋፍን፡ ወግሐ-ጸብሐ ብዛዕባኡ እናኣባጨዉ ክተኻትኹዋን ክናሽዉዋን ደኣ ይርእዩ ነበሩ። ብድሕሪ'ዚ፡ ዕድመኣ ኣኺሉ ናብ ቤት-ትምህርቲ ክትመላለስ ምስ ጀመረት'ውን፡ መማህርታ ኣብ ዘዘረኽብዋ ቦታ እናጸረፉን እናዘለፉን ክደህሉዋ ብምጅማሮም፡ ክሳብ ንብሳ እትጸልእ ኮነት። ብተደጋጋሚ ብመማህርታ ካብ ዝገጥማ ዝበረ ተጻጽሎን ዘለፋን ክትገላገል ብዙሓት ሓሳባ፡ ኣብ ውሽጢ ሓጺር ግዜያት ዝተፈላለየ ኣብያተ-ትምህርቲ ክትቅይር ትግደድ ነይራ። ሓደ እዋን ነቲ ኣብ ልዕሊኣ ዝወርድ ዝበረ ተጻብኦታት ክትጻወር ዓቕሚ ስለዘይሰኣነት፡ ናይ ካልኣይ ደረጃ ትምህርታ ኣቋሪጻ ካብ ሰባት ተገሊላ ኣብ ገዛኣ ተዓጺያ ግዜ ተሕልፎ ነይራ። ከም ሳዕቤኑ፡ ብጭንቀት ተዋሒጣ ተስፋ ክትቍርጽ ጀመረት'ሞ፡ ርእሳ ቕትለት ንምፍጻም እውን ተደናዲና ከም ዝበረት ትገልጽ። ኣብ ገዛ-ርእሳ ክትፍጽሞ ዝሓሰበት ውሳነ ኣገዳሲ ስለዝተሓሰበ፡ ነቲ ብመሳቱኣ ዝወርዳ ዝበረ ተጻብኦ ደው ንምባል፡ ሓያል ርእሰ-ምትእምማን ዓጢቓ ንብደሃታት ክትገጥሞም ተበገሰት።

ዊኒ ምስ ገዛ-ርእሳ ብናጻ ድሕሪ ዘካየደቶ ዝርርብ፡ ንውሽጣዊ ጸጋታት ክትጥምት ከኣለት። ኣብ ርእሳ፡ ጸቢቕ ቅርጺ ስብነትን መሻኸል ገጽን ከም እትውንን ስለ ዘስተብሃለት፡ ብሕብሪ ቆርበት ኣካላታ ከይተዓንቀፈት፡ ንባህርያዊ ጸጋታታ ናብ ረብሓ ክትልውጥ ወሰነት። ዊኒ ሃርለው ከም ካልኦት መሳቱኣ ኣብ ማሕበራዊ መራኸቢታት ኢንስታግራም



ካልእን እትሓጥፍ ስለዝበረት፡ ኣብ ዝተፈላለየ እዋን ብርክት ዝበለ ስእልታት ትልጥፍ ነበረት። ኣብ'ቲ እዋን ቲራ ባንክስ ዝተባህለት ውልቀሰብ ኑቲ ኣብ ማሕበራዊ መራኸቢታት ትፍንዎ ዝበረት ኣሳእል ብምዕዛብ፡ ኣብ ሓደ ዓብይ ውድድር ቁንጅና (ጸባቐ) ክትሳተፍ ዕድመ ኣቕረበትላ። ዊኒ ኣብ ከባቢኣ ጥራይ ከይተሓጽረት ጽልዋ ንኽትፈጥር ብዙሕ ሓሳብ ኑቲ ዕድል ክትጥቀመሉ ከም ዘለዋ ወሰነት። በዚ መሰረት፡ ናብ'ቲ መድረኽ ውድድር ቁንጅና ንኽትሳተፍ ገዕዛኣ ሓደ ብምባል ፈለመት። ኣብ'ቲ ሽዑ እዋን ዝወሰደቶ ውሳኔ ከም መርኣያ ትብዓትን ርእሰ-ተኣማንነትን ዝቖጸር። ብኣንጻር እቶም ኣብ ከባቢኣ ዘለዉ ሰባት ዝብልዋ፡ ውሽጣዊ ሓይላ ልዕሊ ዝኾነ እዋን ከም ዝበረኸ ዝምስክር ፍጻመ ድማ ነይሩ። ዊኒ ዝተሰመዮ ሕልሚ ናብ ተግባር ንምብጻሕ፡ ኣብ 2014 ጓል ዕስራ ዓመት ኣብ ዝበረትሉ እዋን፡ ኣብ 'ኣመሪካ ቶፕ ሞደል' ዝተሰመየ ውድድር ተሳተፈት። ኣብ'ቲ ውድድር ተፈላጥነት ንኽተጥሪ ነዊሕ ግዜ ኣይወሰደላን። በዚ ምኽንያት፡ እቲ ፍጻመ ኣብ መጻኢ ህይወታ ዓቢ ነጥቢ መቐይሮ'ዩ ነይሩ። ዋላ'ኳ ኣብ'ቲ ውድድር ነዊሕ እንተዘይቀጸለት ኑቲ ኢጋጥሚ ግን፡ ኣብ ዝቕጽል ህይወታ ልዑል ኣበርክቶ ነይርዎ።

እታ ምሩጽ ተኽሊ ሰብነትን መልክዕን እትውንን ሞደለስት፡ እቲ ትማሊ ካብ ሰባት ከም እትርሕቐን ገዛ-ርእሳ ከም እትጸልእን ዝገበረ ሕብሪ ቆርበት ኣካላታ፡ ከም ፍሉይ ትዕድልቲ ክትጥምቶ ከኢላ እያ። ብዛዕባ ሕብሪ ቈርበታ ከይተሸቑረረት ክትንቀሳቐስ ሳላ ዝጀመረት፡ ብህዝቢ ልዑል ተቐባልነት ምስ ዘለዎም መጽሔታት ክትሰርሕን ስእልታታ ኣብ ቀዳማይ ገጽ ክልጠፍን ካብ ዝጀምር ዓመታት ኣቑጺሩ ኣሎ። ብተወሳኺ፡ ምስ ውሩይ ዝና ዘለዎም ሰባትን ትካላትን ክትሓጥፍ ዕድል ብምርካቡ፡ ኣብዚ እዋን ሓንቲ ካብ ጸለውቲ ሰባት ክትከውን በቒዓ እያ። ኣብ ርእሲ'ዚ፡ ብዘይካ ምስ ቅዱ ክዳውንቲ ዝሳለያ መጽሔታት ምስ ዓበይቲ ትካላት መወዓውዒ'ውን ብምስራሕ፡ ዓቢ ዝና ከተተርፍ ዝኸኣለት ኣብነታዊት መንእሰይ እያ። ኣብ ኢንዱስትሪ ፋሽን እውን ስማ ኣብ ቀዳሚት ይጥቀስ ኣሎ። ዊኒ ብዛዕባ ሕብሪ ቆርበታ ዝበራ ሓሳብ ብምቕያር፡ ንኻልኦት ክትልውጥ ትጽዕር ኣላ፡ ብዘይስክፍታ ኣብ ቅድሚ ህዝቢ ወጺኣ፡ ብዘለዋ ባህርያዊ ሕብሪ ቆርበት ክትዛረብ ካብ እትጅምር ነዊሕ እዋን ኮይኑ ኣሎ። ኣብ ማሕበራዊ መራኸቢታት ዩትዩብ ብምቕራብ'ውን፡ ብዛዕባ ውልቃዊ ተመክሮኣን ምስ'ቲ ሕማም ተተሓሒዞም ንዝቐርቡላ ሕቶታትን፡ ሓሳባታ ብናጻ ትገልጽ። ከምኡ'ውን፡ ንኻልኦት በቲ ሕማም ዝተጠቕዑ ሰባት፡ ኣብ ምንቃሕን ንቡር ህይወት ንኽመርሑ ኣብ ምትብባዕን ትርከብ።



ጽልዋ ዊኒ እናሰፊሐ ብምምጽኡ፡ ኣብ ዝተፈላለየ ብቪድዮ ክሊፕን ካልእ ሱጥባባዊ ዕዮታትን ትሳተፍ እያ። እዛ ንብዙሓት ዝተፈላለየ ጸገማት ዘለዎም ሰባት፡ ንሽግራቶም ተበጊሶም ክፈትሑ እተተባብዕ ሞደለስት፡ ምስ ብርክት ዝበሉ ውሩያት ሱጥባባውያን ከም ዝጠፈት ይንገር። ከም ዝፍለጥ፡ ለውጢ ካብ ውሽጣዊ ድሌትን ተበግሶን ይፍልፍል። እቶም ዘጋጥመና ብደሃታት ክሰግሩ ዘይክእሉ ክንዲ እንግዲ ማሰሎም ክረኣዩ ይኽእሉ እዮም። እንተኾነ ኑቲ ኅቦ "ኩላሽሮ'የ ወይ ከፍርሶ'የ" ዝብል ሓሳብ ኣብ ውሽጥና እንተነጊሱ፡ ትልምና ብልክዕ ከተግብሮ ንኽእል ኢና። ስለዚ፡ ውልቃዊ ህይወት እዛ ሞደለስት ብምዕዛብ፡ ሕልምና ካብ ምትግባር ዝዕንቅፈና ሓይሊ ከም ዘየለ ክንግንዘብ ንኽእል። ንሳ "ኣብ ዓለም ጸዕዳን ጸለምን ሕብሪ ቆርበት ኣሎ። ኣነ ግን ክልቲኡ ዘውንን ብምዃነይ ከም ዕድለኛ እየ ዝሰምዓኒ" ብምባል ንሽግራ ተቐቢላ ናብ ረብሓ ብምልዋጥ መጻኢኣ ኣብ ምህናጽ ትርከብ።

## "ኣድህቦ ዝጎደሎም ትሮፒካዊ ሕማማት ንምጥፋእ፡ ብሓባር ንስራሕ"

"ኣድህቦ ዝጎደሎም ትሮፒካዊ ሕማማት" (Neglected Tropical Disease) ካብ ነዊሕ ኣትሒዞም ዝጸንሑን ምስ ስእነት (ድኽነት) ዝተኣሳሰሩን ሕማማት ኮይኖም፡ ኣብቲ ትሮፒካውን ሓወሰ-ትሮፒካውን ከባቢታት ዓለምና ብሰፊሑ ይርከቡ። ኣብ ጥዕና፡ ማሕበራዊ ኩነታትን ቍጠባን ኣብ ልዕሊ ሓደ በልዮን ኣህዛብ፡ ብቐንዱ ድማ ኣብ ልዕሊ'ቶም ኣብ ግዳማትን ወጣርን ዘለዉ ከባቢታት ዝነብሩ ክፍልታት ሕብረተሰብ፡ ኣዕናዊ ተራ ዝጻወቱ ዘለዉ ዓይነት ሕማማት እዮም ።

ገለ ካብቶም "ኣድህቦ ዝጎደሎም ትሮፒካዊ ሕማማት' ዝበሃሉ፡ ሕማም ደዌ፡ በልሃርዚያ፡ ሕማም ዕቡድ ከልቢ፡ መንከስቲ ተመን ኩልሚት፡ ጸጎዊ ፊላርያሰስ፡ ለሽማንያሰስ (ካላዛር)፡ ዓሶቕ፡ ብሩሲሎሳሰስ፡ ረሰኒ ደንጊ (ዌልካም)፡ ብቐልቀል ዝተበከለ ሓመድ ዝመሓላለፉ ጸግዕተኛ ባልዓት (ጎንደራን ዓንቃሪቦን ትራኩረሰን) ካልኦትን ይርከብዎም።

"ኣድህቦ ዝጎደሎም ትሮፒካዊ ሕማማት' ኣብ ሕብረተሰብ ዘስዕብዎ ሃሰያ ኣብ ኣካላውን ኣእምሯውን ተጻሒሉ ብቐሊሉ ዝርኣ ኣይኮነን።

እዞም ሕማማት፡ ኣብ ገለ ሃገራት ዳርጋ ምሉእ ብምሉእ ኣብ ምቍጽጻርን ኣብ ምጥፋኡን ዝበጽሓ ከም ዘለዋ ጸብጻባት ውድብ ጥዕና ዓለም ይምስክሩ።

ኣብ ሃገርና እንተመጺእና ድማ፡ ሚኒስትሪ ጥዕና ነዞም "ኣድህቦ ዝጎደሎም ትሮፒካዊ ሕማማት' ኣቓልቦ ብምሃብ ኣብ 2012 ኣብ ትሕቲ ክፍሊ ተመሓላለፍቲ ሕማማት ዝምሓደር ሓደ ኣሃዱ ብምቛም፡ ክሳብ 14 ዝጸሓ ኣብ ዝርዝር "ኣድህቦ ዝጎደሎም ትሮፒካዊ ሕማማት ዝኣተዉ ድሕሪ ምልላይ፡ ኣብ ምክልኻሎምን ምፍዋሶምን ምጥፋኦምን በብመድረኹ ዝትግበሩ መደባት ብምሕንጻጽ ስጉምትታት ይወስድ ኣሎ። ወጽኢት ናይዚ ድማ፡ ብሰንኮም ዝስዕብ ዝበረ ሕማማትን ሞትን እናነከየ ይኸይድ ኣሎ።

ካብዚ ተረኺቡ ዘሎ ወጽኢት ብምብጋስ ድማ፡ ነቲ ብደረጃ ዓለም ኣብ 2030 ክብጻሕ ተሓንጺጹ ካብ ዘሎ ዘላቒ ሸቶታት ምዕባለ፡ እዞም ሕማማት ካብ ገጽ ዓለምና ንምጥፋእ'ዩ። ኤርትራ ድማ ነዚ ዓለማዊ ሸቶ ንምውቃዕ እዞም ሕማማት ምሉእ ብምሉእ ካብ ሃገርና ንምጥፋእ ዝትግበሩ መደባት ሓንጺጻ ትቕጽል ኣላ። እዚ ንኽዕወት ግን ኩሉ ዝምልከቶ ሚኒስትሪታት ማሕበራት፡ መሻርኽቲ፡ ኣውራ ኣውራ ድማ መላእ ሕብረተሰብ ብኾም ደረጃ፡ ከምቲ ኣብ ካልእ ዘድምዖ ዘሎ ኣብዚ'ውን ብኣድማዕነት ክዋሳእ፡ ሚኒስትሪ ጥዕና ብኣጋጣሚ ጥሪ 30 ብደረጃ ዓለም ዝዝከር፡ ናይዞም "ኣድህቦ ዝጎደሎም ትሮፒካዊ ሕማማት ስበዋኡ የመሓላልፍ።

"ኣድህቦ ዝጎደሎም ትሮፒካዊ ሕማማት ንምጥፋእ፡ ብሓባር ንስራሕ"

ሚኒስትሪ ጥዕና

30 ጥሪ 2025

## ሎሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 12:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 12:02 | መቓልሕ መንእሰያት |
| 12:30 | ዜና (ትግርኛ) |
| 12:50 | ዜና ስፖርት |
| 12:55 | መደብ ቡያ |
| 13:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 13:45 | ስርዓት-ሲመት ፓትርያርክ |
| 14:25 | ተክ-ኢንሳይት |
| 15:05 | ፖኖራማ |
| 15:35 | ዶክመንታሪ |
| 16:00 | ናትራን 1ይ ክፋል |
| 17:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 17:15 | ሌላ |
| 17:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 17:40 | ናትራን 2ይ ክፋል |
| 19:10 | ፊዮሪና |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:15 | ተኸታታሊት ፊልም ዕርፊ |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | ፊልም ፈንቅል |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:15 | ኢድኣት |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |
| 22:40 | እትመት ሲት-ኮም |


## ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

**ዋና ኣሰናዳኢ**
ብርሃነ ምሕረትኣብ

**ምክትል ኣሰናዳኢ**
ዓብደልቃድር ኣሕመድ

ቍ.ስ 116266 / 201820 (256)

**ቦርድ ምስንዳእ**
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ

ቍ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጻ. 247

**ለይ-ኣውት**
ፍርቱና ኤፍሬም
ትንሱእ ፍስሃየ
ሓበን ገብረኣምላኽ
ሰሎሜ ኣፈወርቂ
ሳምራዊት ሃብተ

**ምዝርጋሕ ጋዜጣ**
ቍ.ስ.163471-07588045

**ምልክታ**
ቍ.ስ. 125013 - ቍ.ሳ.ጻ. 1284

# ሻባብ

ሃማመተኤ

ሓሳባት

## 30 ደቓይቕ ንመዓልቲ

ኢንጂ. መዓሾ ተወልደ

ግዜ! ... ኣንታ'ዚ ግዜ ... ወይ ግዜ! ... ብዝኾነ ኣደማምጻ፡ ተስፋ ብዝመልአ ይኹን ብቐቢጸ ተስፋ፡ ግዜ ብምጽውዑ ጥራይ ኣብ ኣእምሮና ዝፈጥሮም ምስልታትን ሓሳባትን ብዙሕ እዩ። ንግዜ ዝወሃብ ትርጉምን መግለጽን ብዙሕ እዩ። ካብቲ ብዙሕ ግን እቲ ብንጹር ዝርድኣናን ዘመሓደርናዮን እዩ ዘማእዝነና። ምሕደራ ግዜ ዝተመሃርና ብዙሓት ክንከውን ንኽእል ኢና። ዘይተማህረን ዘይሰልጠነንን ከኣ ኣሎ። ብዕሙቕ ዝበለ ክግለጽ እንከሎ ግን ምሕደራ ግዜ ምሕደራ ህይወት እዩ ይበሃል። ህይወት ከኣ ንኹሉ ትምልከቶ። ህይወት ዘለዎ ግዜ ኣለዎ። ብማዕረ እኳ ድኣ! ንግዜኻ ከመይ ትጥቀመሉ ኣለኻ ንህይወትካ ከመይ ከም ትጥቀመሉ ዘለኻ ዘርኢ. ብቑዕ መግለጺ ምዃኑ ዝገልጹ ልቃውንቲ ኣለዉ። እቲ ኩሉ ናይ ህይወት ነገር ኣብ ግዜ ስለ ዝኸውን። ዋጋ ግዜ ወይ ጥቕሚ ግዜ ንምግላጽ ብዙሓት ጥቕስታትን ምስላታትን ተባሂሎም ኣለዉ።

ንኣብነት፡ "እታ ግዜ ወርቂ እዩ!" ትብል ጥቕሲ እንተወሲድና፡ 30 ደቓይቕ ክንደይ ግራም ወርቂ ይምዝና፧ ... ነዚ ንምምላስ፡ ሓንቲ ደቒቕ ክንደይ ግራም ወርቂ ምዃና ምፍላጥ ከድሊ እዩ። ሕቶ ኣይጽላእን እዩ! ዘይህይወትሲ ንባዕላ ሕቶ እያ። ሕቶ ዘለዎ እዩ ኸኣ ዝመሓየሽን ዝምዕብልን። እታ "ግዜ ወርቂ እዩ!" ትብል ጥቕሲ ክሳብ ክንድ'ዚ ክትዳቐቕ እንተትኽእል ክሳብ ክንደይ ጽቡቕ ምኾነ። 30 ደቓይቕ ዝኸሰበ ወይ ኣብ ጥቕሚ ዘውዓለ ውልቀ ሰብ ወይ ትካል ክሳብ ክንደይ ከም ዘተዓወተ ብወርቂ ክሓስቦ ምቐለለሉ። ካብ ወርቂ ናብ ገንዘብ ምቕያር ከኣ ማንም ዝመልኮ መዐቀኒ እዩ። እቲ 30 ደቓይቕ ዘጥፍአ ኸኣ ከምኡ። ከምኡ'ውን ኣብ ናይ ካልእ ሰብ ግዜ እንገብሮ ጥንቃቐ ወይ ሸለልትነት ብልክዕ ምተዓቀነ። ውልቀሰብ ወይ ትካል እንተሓመቐ ወይ ብሕጽረት ግዜ እንተተሸገረ 30 ደቓይቕ ንመዓልቲ ኣይሰእንን እዩ። ስለምንታይ 30 ደቓይቕ! ... ካብ 30 ንታሕቲ ሓደ ንእሽቶ ነገር ንምግባር ክውሕዳ ይኽእላ እየን። ካብኡ ንላዕሊ ግን ዝኾነ ቊጽሪ ክነልዕል ንኽእል ኢና። 30 ደቓይቕ ንመዓልቲ ኑብስና ንምምዕባል እንተ ኣውዒልናየን ኣብ ህይወት ለውጢ የምጽኣ እየን። ብርግጽ ፍልልይ ይገብራ። ኑብስኻ ከይለወጥካ ኣብ ምዕባለ ዝግበር ለውጢ ኸኣ የለን።

ሓድሽ ሞያ ንምልማድ ወይ ንምውናን፡ ንዘለካ ሞያ ንምምዕባል፡ ኣብ ኑብሰ ምዕባለ ለውጢ ንምምጻእ፡



30 ደቓይቕ ንመዓልቲ ብመደብ እንተ ተጠቒምናለን እቲ ዘይከኣል ዝመስል ይከኣል እዩ። ኩሉ ብሓደ ስጉምቲ እዩ ዝጅምር። እዚ ኸኣ ንኹሉ ወዲ ሰብ ዝተዋህበ ጸጋ እዩ። ብሓደ መዓልቲ ዝመጽእ ዕብየት ወይ ስልጣነ የለን። ገሊኡ ሓንቲ ሞያ ዘላቶ ንዓኣ እኳ ብኽንደይ ነቐነቕ ዝሰርሓላ፡ ገሊኡ ንሓንቲ ጽቡቕ ገይሩ ዝመልካን ዝሰርሓላን፡ ገለ ኸኣ ክልተ ሰለስተ ሞያታት ዝሓዙ እሞ ድማ ብብቕዓት ዝሰርሕሉ ኣለዉ። እዚ ፍልልያት እዚ ብብዙሕ ረቛሒታት ዝመጽእ እኳ እንተኾነ፡ ግዜ ኸኣ ሓደ ካብ'ቶም ቀንዲ ረቛሒታት እዩ። ሞያታት ብመጠን እንህቦም ግዜን ኣድህቦን እዮም ዝዓብዩ። ኑብስኻ ወይ ትካልካ ንምዕባይ ተውፍሮ ግዜን ትኽተሎ ድስፕሊንን ኣብ ብቕዓት ዘምጽኦ ለውጢ ቀሊል ኣይኮነን። ልዑል ብቕዓት እንተ'ሎ ኸኣ ብሞያኻ ዝተፈልየን ዝበለጸን ኣገልግሎትን ኣበርክቶን ምግባር ይከኣል።

30 ደቓይቕ ንመዓልቲ ናይ ዕብየት ለውጢ ከምጽኣ ይኽእላ እየን። ብኸመይ፧ ... ከመይ ዝብል ለባም! ... ክትመልኮ ወይ ከተማሓይሾ ንዝደለኻ ሞያ፡ ኣብ መዓልቲ 30 ደቓይቕ እንተ ሰሪሕካሉ፡ ኣብ ዓመት 182 ሰዓታት ኣቢሉ ይኸውን። ኣብ ሰለስተ ዓመታት ከኣ 546 ሰዓታት ይኸውን። እዚ ሰዓታት እዚ 2.13 ሚእታዊት ናይቲ ጉድኒ-ጉድኑ ነሕልፎ ግዜ እዩ። ኣብዚ ክዝንጋዕ ዘይግበኦ፡ እቲ ድሕሪ መሰረታዊ ትምህርቲ ኣብ ትካላት ትምህርቲ ብስሩዕ ዝወሃብ ሞያታት ብሰዓታት እዩ ዝልካዕ። ስለዚ ብመጠን ነቲ ሞያ ንምምላኽ ወይ ንምምሕያሽ ዘውፈርናዮ ግዜ ነቲ ዝተወጠነ ብቕዓት ክንሃርሞ ይከኣል እዩ። እዚ ክንብል ከለና ግን እዚ ኣብዚ እዋን ሓበሬታን መወከሲታትን ናይ ምርካብ ተፈጢሩ ዘሎ ዕድላትን ኣብ ዜጋታትና ማዕቢሉ ዘሎ ናይ ምትሕግጋዝን ምምልላእን ብቕዓትን ኣብ ግምት ብምእታው እዩ። እቲ ደረት ግዜ ብዝተሓተ ተገሊጹ'ምበር ንመዓልቲ ክልተ ሰዓታት፡ ሰለስተ ሰዓታት ምምዳብ ዘይከኣል ኣይኮነን። እዘን 30 ደቓይቕ ንመዓልቲ ዝፈጥርኦ ናይ ምሕየሻን ለውጥን ዕድላት ትካላት ክጥቀማሉ እንከለዋ'ውን ኣደናቒ ውጽኢት ይርከቦ እዩ።

30 ደቓይቕ ንመዓልቲ ብምምዳብ ሎሚ ክንብገስ ይከኣል እዩ። ህሉው ኩነታትና ብምግምጋም ዘለዉና ዕድላት ብምጥቃም ኣብዘን ዝስዕባ ሓፈሻዊ ደረጃታት ክንብገስ ንኽእል፤

1. ሓድሽ ሞያ ንምጥራይ፡

ኣብ ልዕሊ ዘለና ሞያ፡ ካልእ ምስ ዝንባለናን ተመኩሮናን ዝተኣሳሰር ተወሳኺ ሞያ ከነማዕብል ምስ እንደሊ፡ ነቲ ሞያ ንምምላኽ ዘድልዩ መምሃርን መላመድን ነገራት ብምቕራብ ንመዓልቲ ብውሕዱ ን30 ደቓይቕ እንተድኣ ኣጽኒዕናዮን ተላሚድናዮን ምስ ክብደት ናይቲ ሞያ ብምዝማድ ኣብ ዝተወሰነ ዓመታት ክንበቕዖ ንኽእል ኢና። ኣብዚ ክፍለጥ ዝግበኦ፡ ምስ ባህልናን ልምድናን ኣነባብራናን ዝተኣሳሰር ኣብ ክልቲኡ ጾታ ምሳና ዝዓቢ ክእለታት፡ ምምዕባሉን ዘይምምዕባሉን ገዲፍና ሞያ ምዃኑ ምርዳእ የድሊ። ንኣብነት፡ ሀ) ምስራሕ ናይ ገዛ ኣቑሑ፡ ከም መጉን፡ ናይ ካይላ ስርሓት፡ ስፌ፡ ምኽሻን መግቢ፡ ናውቲ ማሕረስ፡ ይጥቀስ፣ ለ) ማሕረስ፣ ሐ)ጉስነት፣ መ) ናይ ሰብን እንስሳን ልምዳዊ ሕክምና፣ ሰ) ምውቃዕ ከቦሮ፡ ወዘተ ክዝርዝር ይከኣል። ከም ኩሉ ሞያ ምምሃሮምን ምምዕባሎምን ኣገዳሲ እዩ። ከም ዘይሞያ ክሕሰቡ ግን ኣይግባእን። ክመልኮም ንዝደሊ ከም ዝኾነ ሞያ ጻዕርን መጽናዕትን ይሓቱ እዮም። ሓድሽ ሞያ ምውሳኽን ምምላኽን ንብኣቋራጭ ዝሓስብ ሰብ እንተ ዘይኮይኑ ይከኣል እዩ።

2. ንዘለና ሞያ ናብ ዝለዓለ ደረጃ ብቕዓት ንምድያብ፡

እንውንኖ ሞያ ዋላ ኣገልግሎትን ኣበርክቶን ንገብረሉ ንሃሉ ካብቲ ዘለዎ ደረጃ ዝበለጸ ደረጃ ብቕዓት ከም ዘለዎ ርዱእ ነገር እዩ። ንምስፍሑን ንምርቃቑን ካልእ ተወሳኺ እንዶታት ከም ዘድልዮ'ውን ዘካትዕ ኣይኮነን። ዝኾነ ዓይነት ሞያ ብነዊሕ ናይ ትምህርቲ ግዜ ዝተጠርየ ይኹን ብናይ ስራሕ ተመኩሮ፡ 30 ደቓይቕ ንመዓልቲ እንተ ኣውፊርናሉ ካብ ዓመት ናብ ዓመት ናብ በጺሕዎ ዘይፈልጥ ደረጃ ብቕዓት ነደይቦ። ዝበለጸ ስራሕ ከነተግብር ስለ ዘኽእለና ኸኣ ፍልልይ ወይ ለውጢ ንፈጥር። ገለ ሰባት ብሓንሳብ ሓደ ዓይነት ደረጃ ትምህርቲ ወይ ደረጃ ክእለት ዝምስክር ወረቐት ስለ ዝሓዝካ ኩሉ ግዜ ማዕረ ዝኾንካ ዝመስሎም ኣለዉ። ኣብ ሓደ ግዜ ብሓደ ዓይነት ደረጃ ስለ ዝተመረቕካ፡ ድሕሪ 5 ...10 ... 20 ዓመታት ሓደ ዓይነት ደረጃ ክህልወካ ኣይክእልን። ብመጠን ሞያኻ ንምምዕባል እተውፍሮ ግዜ ግድን ናይ ደረጃ ብቕዓት ፍልልይ ይፍጠር። ብኽንደይ ጻዕሪ ሓደ ደረጃ ምስ በጽሐ ድሕሪኡ ጻዕርን መጽናዕትን ዘድልዮም ኮይኑ ዘይስምዖም ሰባት ኣብ ሞያኦም ንቕድሚት ክግስግሱ ኣይክእሉን። ብእኣ ይኣርጉ። 30 ደቓይቕ ንመዓልቲ ኣብ ሞያኻ ምውፋር ናይ ዕብየት ውሕስነት ክህባ ይኽእላ እየን። ጫፍ ብቕዓት ናይ ዝበዝሑ ሞያታት ክንልክዖ ኣይንኽእልን። ኣብነት ንምጥቃስ፡ ነቲ ዝበለጸ ዶክቶር ካልእ ዝበለጸ ዘይተብጽሐ ደረጃ ብቕዓት ኣለዎ። ነቲ ዝበለጸ መካኒክ ካልእ ዘይተበጽሐ ዝለዓለ ደረጃ ብቕዓት ኣለዎ። ንዝበዝሐ ሞያታት ከምኡ እዩ።

3. ንዘለና ሰብኣዊ ዕብየት ንምምሕያሽ፡

ብዝተወደበ መንገዲ ድኻማትና ኣለሊና፡ 30 ደቓይቕ ንመዓልቲ ንሰብኣዊ ዕብየትና እንተ ተጠቒምናለን ሓደ ዓመት፡ ክልተ ዓመት እናበልና ክንከይድ እንከለና ለውጢ ክረኣየና ግድን እዩ። ኣብ ኩሉ መዳያዊ ዕብየት ናብ ዝሓሸን ዝበለጸን ደረጃ ክብ ክንብል ከኣ እቲ ተኽእሎ ዓቢ ይኸውን። ደረጃ ንቕሓትና፡ ጽሬትን ዕምቈትን ኣተሓሳስባና፡ ኣመለኻኽታና፡ ርድኢትና ቀጻሊ ክምዕብልን ክዓብን እንተኺኢሉ ምዕቡልን ስልጡንን ኣበርክቶን ኣገልግሎትን ክወሃብ ይከኣል። ነዚ ኣብ ሰብኣዊ ዕብየት ንምምሕያሽ ኢልና ብመደብ ነውፍሮ ግዜ ካብ 30 ደቓይቕ ንመዓልቲ ናብ ልዕሊኡ ክብ እንተ ኣበልናዮ፡ እቲ ዝድለ ውጽኢት ኣብ ዝሓጸረ ግዜ ይኾነልና። ሰባት ባዕልና እንተ ዘይደሪትናዮ ዘቋርጽ መስርሕ ዕብየት ኣይኮነን። ኣብ ምምሕያሽ ሰብኣዊ ዕብየትና፡ ቅድሚ ክልተ ዓመታት፡ ወይ 10 ዓመታት ወይ ካብኡ ንላዕሊ ዝነበርናዮ ዓመታት ለውጢ እንድሕር ዘይገይርና፡ ዓመታት ምቝጻር ጥራይ በይኑ ከለብመናን ከሰልጥነናን ኣይክእልን። ሰብ ኣብ ውሽጡ ከይተለወጠ ኣብ ኣከባቢኡ ከረጋግጾ ዝኽእል ለውጢ የለን። ብሓደ ደረጃ ኣተሓሳስባን ኣመለኻኽታን እናነበረ ክምዕብል ዝብህግ ሰብ፡ ዕፉን ዘሪኡ ስርናይ ክሓፍስ ከም ምብሃግ እዩ። ንነብስናን ነቲ ነገልግሎ ኣካል ሕብረተሰብን ብሉጽ ነገር ክንገብር ቀጻሊ ንልወጥን ንምዕብልን ንኽእል ዜጋታት ክንከውን ይግባእ። ነዚ ኸኣ 30 ደቓይቕ ንመዓልቲ ኢልና ንዕብየት ግዜ ከነውፍር እንተጀሚርና እኹል እዩ።



# ሓሳባት

## ሕብረተሰባት ካበይ ናበይ ብኸመይ?

ሰረቐ ክፍለ
መበል 38 ክፋል

*ክቡራት ኣንበብቲ፡ 2ይ ቅጺ መጽሓፍ "ሕብረተሰባት ካበይ ናበይ ብኸመይ?" ተሓቲማ ተዘርጊሓ ከምዘላ እናሓበርና፡ ከይትሓትሙት እንኸለ ዝጀመርናዮ፡ ብተኸታታሊ ከቕርቦ ዝጸናሕና ጽሑፍ ክንቅጽሎ ምኻኣና ንገልጽ። ኣብ ዝሓለፈ ክፋል ናይዚ ጽሑፍዚ፡ 'ደሞክራሲ እንታይ እዩ?' ዝብል ኣርእስቲ ኣልዒልና፡ መረዳእታ ፖለቲከኛታትን ተራ ህዝብን ብዛዕባ ደሞክራሲ እንታይ ከምዝመስል ዝምርኣይ ናይ ልዕሊ ሓደ ዘመን ተመክሮ ደሞክራሲ ዘለዎ ህዝቢ ቢልጂየም ንደሞክራሲ ከመይ ይገልጾ ንምፍላጥ ዝተኻየደ መጽናዕቲ ተመልኪትና፡ ናብ ቢጀላ ደሞክራሲ ዝብል ኣርእስቲ ብምሕጋር ድማ ገለ ምዕራባውያን ትካላት (ሓደ ካብኣን ዘ ኢኮኖሚስት ኢንተሊጀንስ ዩኒት) ዝጥቀማሉ መለክዒ ደሞክራሲን ብኡ መሰረት ንሃገራት ክህብኦ ዝፍትና ቢጀላታትን ኣንቢብና። መቐጸልታኡ ይስዕብ–*

***

### ደሞክራሲ ኣብ ዘይንቡር ኩነታት፡ ትዕዝብቲ ዘመነ ኮሮና

ደሞክራሲ ማለት፡ እንታይ ማለት እዩ? ብኸመይ'ከ ይዕቀን ኣካታዒ ሕቶ እዩ። ይትረፍዶ ሓፋሽ ህዝቢ፡ እቶም ሊቃውንቲ ደሞክራሲ ኢና ዝብሉ እውን እዚ'ዩ ደሞክራሲ ብኸምዚ ድማ ይዕቀን ዝብል ሓበራዊ መረዳእታ የብሎምን። ኣብ ሃገራት ምዕራብ ደሞክራሲ ኣብ ዘተኣታተዋሉ መጀመርያ 100 – 150 ዓመታት፡ እቲ ደሞክራሲ ዝብልኦ ስርዓትን ንኣዝዩ ውሑድ ክፋል ሳዕለዋይ ቀጻላ ሕብረተሰብ እንተዘይኮይኑ ንመላእ ህዝቢ ዝሓቁፍ ከምዘይነበረ ኣብ ዝተፈላለዩ ክፋላት'ዚ መጽሓፍ'ዚ ብዮቴኦበጠታት ቀሪቡ ኣሎ። ምዕራባውያን ነቲ ናይ መጀመርያ 100 – 150 ዓመታት ታሪኾም ከም ክሕሰፍ ዝበርዑ ዘይንቡር ኩነታት እዮም ዝገልጽዎ። ዝወሰደሎም ንውሓት ግዜ ንኺ ጉዲፎ፡ ሓደሽ ኣጥዚበ፡ ስርዓትን ኣብ ምትእትታው ግዜን ንቕሓት ህዝብን ከም ዘድሊ ምስምማዕ ግን ኣጸጋሚ ኣይኮነን። እቲ ዝርድም ግን ምዕራባውያን ሕሉፍ ታሪኾም ረሲዖም፡ እቲ ኣብ ማስርሕ 250 ዓመት ዝበጽሕዎ ደረጃ ደሞክራሲ፡ ኣብ ሃገራት ኣፍሪቃን ካልኦትን ብሓደ ረፍዲ ክተኣታቶ ከስገድዱ ምፍታኖም እዩ።

ብፍላይ ኣብዚ ዝሓለፈ ርብዒ ዘመን፡ ግዝኣት ሕጊ፡ ደሞክራሲ፡ ሰብኣዊ መሰላት ወዘተ. ከም ቀንዲ ተልእኾኦን ስራሐን (ቢዝነስ ክበሃል ይከኣል) ብዙሓት ናይ ምዕራብ ሓወሲ መንግስታዊን ዘይመንግስታዊን ትካላት ጫጪሖን እየን። እዘን ቢጀላ ደሞክራሲን ሰብኣዊ መሰላትን ዝሓትማን ዝዕድላን ትካላት፡ ታሪኻዊን ደረጃ ምዕባለን ሃገራት፡ ኣብ ባይታ ዘሎ ማሕበራዊ ዝምድናታት ይኹን ዘይንቡር ኩነታት ብዘየገድስ ንኹለን ሃገራት ብሓደ መዐቀኒ ክልክዓ እየን ዝፍትና። ብሪጣንያ ሓንቲ ካብዞን ንልዕሊ 250 ዓመታት ደሞክራሲያዊ ስርዓት ኣለዋ ትብል ሃገር ግን፡ ምስታ ክሳብ 1947 ንኣስታት 200 ዓመታት ዝገዝኣታ ሃገር ህንዲ በዮናይ መንገዲን መንቱን እያን ብሓደ መለክዒ ክልክዓ? ንሱ ጥራይ ዘይኮነ መብዝሕትኡ ህዝቢ ብሪጣንያ ሓደ ኤትኒካዊ ጉጅለ ኮይኑ፡ እቶም ዝተረፉ ድማ ፊትዮም ደዮም ከይፈተዉ ናይቲ ዓበለ ኤትኒካዊ ጉጅለ ልምድታት ተኸቲሎም ዝኑብሩ እዮም። በዮናይ መንገን መለክዒን እዩ ምስታ ልዕሊ 3,000 ኤትኒካዊ ጉጅለታት ዘለዋ ህንዲ ፍልልይ ከምዘይብለን ገይርካ ብሓደ መለክዒ ትዕቅነን? ከምኡ'ውን ብሪጣንያ ብምርጫኣ ኣሹሓት ኪሎሜተር ስጋር ደብ ሰጊራ፡ ኣብ ውግእ እንተዘይኣትያ ኣብ ጎደቦኣ ሰላምን ርግኣታን ዝፈታትን ሓይሊ የለን። ብኣንጻሩ ህንዲ ኣብ ጎደቦኣ ጥራይ ዘይኮነ ኣብ ውሽጢ ሃገር መሓሊታዊ ዕግርግርን ጸጥታዊ ስግኣትን ዘለዋ ሃገር እያ። ጸጥታ፡ ቅልውላው ኣብ ግምት ዘየእቱ መለክዒ ደሞክራሲ እንታይ እዩ ትርጉሙ?

ክሳብ ዘመነ ኮሮና፡ ምዕራባውያን ዘይንቡር ኩነታት ዝበሃል ሃገር ረሲዖሞ እዮም ነይሮም። ዘመነ ኮሮና ግን፡ ድሕነት ህዝቢን ሃገርን ልዕሊ ኹሉ ኣገዳሲ ምኻኑ ንምዕራባውያን ኣዘኻኺሩዎም። ብሶላ ደዩ ብሰንኪ ኮሮና ምዕራባውያን'ን ቢጀላ ዓደልቲ ግብረሰናይ ማሕበራቶምን ማስርሕ ደሞክራሲ ኣብ ዘይንቡር ኩነታት ከም ዝፍተንን ንድሕሪት ከምዝምለስን ተገንዚቦም። ኢኮኖሚስት ኢንተሊጀንስ ደሞክራሲ ኣብ ግዜ ኮሮና ኣመልኪቱ ዘውጽኦ ሓደ ክፋል ክንርኢ፦

"ኣብ 2020 ኣብ ልዕሊ ዜጋታት መላእ ዓለም ኣብ ግዜ ሰላም፡ ምናልባት'ውን ኣብ ግዜ ውግእ ተራእዩ ዘይፈልጥ፡ ምግዳስ ሰብኣዊ ናጽነት ተራእዩ። ሚልዮናት ሰባት ብገዛእ ፍቓዶም መሰረታዊ መሰሎም (ንመንግስቲ) ሰዩም ኣሎም ከረክቡ ዘርም ኣጋጢሚ እዩ። ብዮቴኦበጢ ዝረጋገጸ፡ ኮሮና ከስዕቦ ዝኽእል ህልቂት ብምግንዛብ መብዝሕትኦም ሰባት ግዝያዊ መሰረታዊ መሰሎም ክግፈፍ ከም ቅቡል ወሲዶሞ። እቶም ምውሳብ ዝቃወሙ፡ ገለ መልክዕ ማሕበራዊ-ምፍንታት ንምቁጽጻር ኮሮና ቅቡል ማስርሕ ምኻኑ ክሰማምዑ እንከለው፡ ንሕጋዊ ምውሳብ መተካእታ ሓሳብ ኣየቕረቡን። እቶም ምውሳብ ዝቃወሙ፡ ክንደይ ህይወት ምስተኸፈለ እዩ፡ መሰል ሰባት ምቁጽጻርን ሕጋዊ ምውሳብ ቅቡል ዝኸውንን መልሲ ኣይሃቡን። እዚ ማለት ግን፡ መንግስታትን መራኸቢ ብዙሓንን ድምጺ ምውሳብ ዝቃወሙ ክዓብጡ ግቡእ እዩ ማለት ኣይኮነን። መሰል ድምጺ ምሃብ ምግዳስ ጸረ ደሞክራሲያዊ መትከላት እዩ። ናይ ዜጋታት መሰላት ምግዳስ (ምውሳብ ምቅዋም ዘይምፍቃድ)፡ መጥቃዕቲ ኣንጻር ድምጺ ምሃብ፡ ብሰንኪ ክተትኮሮና (pandemic) ዝተራእየ ምግዳስ ደሞክራሲያዊ ተሓታትነት እዩ። በዚ ድማ ኣብ ናይ 2020 ገምጋም ደሞክራሲ፡ እቲ "ናጽነት ዜጋታት" ዝብል መዐቀኒ ኣብ ብዙሓት ሃገራት ከም ዝንደል ኮይኑ።" ይብል ዘ ኢኮኖሚስት ኢንተሊጀንስ ዩኒት።

ኣብ ግዜ ኮሮና ኢኮኖሚስት ኢንተልጀንስ ይኹን ካልኦት ኣማኸርቲ ትካላት ብዙሕ ገምጋምን ትንታነን ክገብራ ተሰሚዐን እየን። ከም ዝፍለጥ ኮሮና ብሰፈሐ ፊሉማ ኣብ ውሃን ቻይና ምስ ተራእየ፡ መንግስቲ ቻይና ኣብቲ ንመልከፍቲ ተቓሊዑ ዝበሃል ቦታታት ብቐልጢፍ ሕጋዊ ምውሳብ ኣዊጃ። ኣብቲ ግዜ'ቲ ብዙሓት ምዕራባውያን ሃገራት፡ ኣማኸርቲ ትካላት፡ ኣክቲቪስትን መራኸቢ ብዙሓንን፡ ብዮንዲ ምውሳብ ሰብኣዊ መሰላት ምግዳስ እዩ ብምባል ንቻይና ወቒሶማ። ኣብ ውሽጢ ሒደት ኣዋርሕ ኮሮና ኣብ መላእ ዓለም ተዘርጊሑ። ገለ ሃገራት ብቐልጢፍ ሕጋዊ ምውሳብ ክእውጃ እንከለዋ፡ ገለ ሃገራት ድማ ኣየድልን'ዩ ብምባል ሸለል ኢለንኦ። ድሕሪ'ዚ ውሳነ'ዚ፡ ኣብ ውሽጢ ሓደ ዓመት ኣብ ዓለም ኣስታት 130 ሚልዮን ሰባት ብኮሮና ተለኺፎም፡ ልዕሊ 2.8 ሚልዮን ህይወቶም ሓሊፉ። ካብዚኦም ልዕሊ ሓደ ካብ ሓሙሽተ፡ ልዕሊ 30 ሚልዮን ዝተለኽፉ፡ 550,000 ዝሞቱ፡ ኣመሪካውያን እዮም። ጭቡጥ ከምዝረጋገጾ እተን ዝበዝሕ ህዝበን ዝተለኽፈን'ን ዝሞተን'ን እተን ኮሮና ፊሉማ ኣብ ዝተቐልቀለሉ ምውሳብ ኣየድልን'ዩ ዝበላ ሃገራት እየን።

እቲ ልዕሊ ኩሉ ዝገርም ድማ፡ ዓበይቲ ኣማኸርቲ ትካላት እንተላይ ኣህጉራዊ ውድብ ጥዕና (World Health Organization)፡ ከም ኣመሎም፡ ንቓልዕ ሕማም ኮሮና ቅሩባትን ዘይቅሩባትን ሃገራት ዝብል ቢጀላ ዓዲሎም ምንባርዎም'ዩ።

ብመሰረት ቢጀላ ኣህጉራዊ ውድብ ጥዕና፡ ሓንቲ ካብተን ዘይተሰኮፉ ድሉዋት ሃገራት፡ 100% ነጥቢ ዝወሰደት ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ኮይና፡ ካብተን ድሕሪ ኩሉ ዝወጹ ህዝበን ክይሃልቕ ዘሰከፉ ሃገራት ድማ ኤርትራ እያ ነይራ። ገለ የዋሃት ኤርትራውያን ነዚ ቢጀላ'ዚ ምስ ረኣዩ'ውን ህዝቦና ሃለቐ ኢሎም ብዙሕ ዋጭዋጭ ኢሎም እዮም። ኣብ መጨረሻ መጋቢት 2021 ብኮሮና ዝተለኽፉ ኤርትራውያን ትሕቲ 3,000 ኮይኖም፡ ብሞት ዝተፈልዩ ድማ 10 እውን ኣይበጽሑን። ኣብ መወዳእታ መጋቢት 2021 ዝበረ ጭቡጢ ከምዝረጋገጾ ኣብ ተግባር፡ ህይወት ሰባት ዘድሕን ፖሊሲን ውሳኔ መንግስትን እምበር፡ ናይ ሆስፒታል ዓራትን ካልእን ቆጺርካ ዝዕደል ቢጀላ ኣይኮነን። ኣብዚ እቲ ኣገዳሲ ነጥቢ ክሽዑ ሰማዊ ቢጀላ፡ ነፍሲ ወከፍ ህይወት ክብርቲ ምኻና ምዝካር እዩ።

ሰብኣዊ መሰል እንታይ ማለት እዩ? ምድሓን ህይወትዶ ይምረጽ ወይስ መሰል ምንቅስቓስ ሰባት ይቕደም? ሃገራት ኣብ ቢጀላ ደሞክራሲ ተርታኣን ምምሕያሽዶ ይሕሸን ወይስ ህይወት ሰባት ምድሓን? ብዙሕ ሕቶ ክለዓል ይኽእል እዩ።

### ኤርትራ ብመንጽር ቢጀላ ኢኮኖሚስት ኢንተሊጀንስ

ኤርትራ ከም ሃገር፡ ካብ ምዕራባውያን ሃገራትን ዘይመንግስታዊ ትካላቶምን፡ ምዕራባውያን ኣማኸርቲ ትካላትን ምዕራባውያን ዝቆጻጸርወን ኣህጉራዊ ውድባትን፡ ጸቡቕ ቢጀላ ዝወሃባ ሃገር ኣይኮነትን። ንምንታይ፡ በበቕሩብ ክንድህስሶ ኢና። ፈለማ ዘ ኢኮኖሚስት ኢንተልጀንስ ዩኒት ንኤርትራ ዝሃባ ቢጀላ ክንድህስስ።


ብመዐቀኒ ኢኮኖሚስት ኢንተሊጀንስ መሰረት ኣብ ሓፈሻዊ መዐቀኒ ደሞክራሲ ኤርትራ መበል 153 ካብ 167 እያ ትስርዕ። ኣብቲ ዝርዝር ድማ፡ ማስርሕ ምርጫን ተሳታፍነትን (0.00)፡ ኣድማዕነት መንግስቲ (2.14)፡ ፖለቲካዊ ተሳትፎ (0.56)፡ ፖለቲካዊ ባህሊ (6.88)፡ ናጽነት ዜጋታት (1.18) ካብ 10 ተዋሂብዋ። እዚን ካልእን መለክዒታት ደሞክራሲ፡ ሰብኣዊ መሰላት፡ ግዝኣት ሕጊ፡ ኣድማዕነት መንግስቲ ወዘተ. ጸኒሕና ብዝርዝር ክንድህስስ ኢና። ኣገዳሲ ስለዝኾነ፡ ኣብዚ ግን ዚ ናይ ኢኮኖሚስት ኢንተሊጀንስ መለክዒታት ኣመልከትና ሓጺር ርእይቶ ክንህብ።

ዝርዝር ሕቶታት ኢኮኖሚስት ኢንተልጀንስ ምስ እንርኢ፡ "ማስርሕ ምርጫን ተሳትፎን"፡ ኑቲ ካልእ ኣርባዕተ መለክዒታት ብቐጥታ እዩ ዝጸሉ። ኣብ "ማስርሕ ምርጫን ተሳትፎን" ባዶ (0) ትወስድ ሃገር ኣብቲ ካልእ ትሑት ነጥብታት ጥራይ እያ ከተምጽእ እትኽእል። ብኻልእ ኣበሃህላ ኤርትራ ኣብ "ማስርሕ ምርጫን ተሳትፎን" ባዶ (0.00) ብምውሳዳ እቲ ዝተረፈ ትሑት ክኸውን ትጽበዮ ነገር እዩ። ይኹን'ምበር ኤርትራ ስለምንታይ እያ ኣብ "ማስርሕ ምርጫን ተሳትፎን" ባዶ ትወስድ ዝብል ሕቶ ምሕታት ግቡእ እዩ። እቲ "ማስርሕ ምርጫን ተሳትፎን" ዝብል ክፋል 12 ሕቶታት ዝሓዘ ኮይኑ፡ ገለ ሕቶታት ምስ ሃገራዊ ምርጫን ፖለቲካዊ ሰልፊታትን ዝተሓሓዘ ኮይኑ ገለ ሕቶታት ድማ ምስ ናይ ከባቢ ዓዲ ወይ ከተማን ንኡስ ዞባን ዝተሓሓዘ እዩ። ንኣብነት ሕቶ ቁጽሪ 3 ናይ ከተማ ወይ ከባቢ ዓዲ ምርጫ ናጻን ፍትሓውን ድዩ? (Are municipal elections both free and fair?)፡ ዝብል ሕቶ ኣሎ።

ኣብ ኤርትራ ሃገራዊ ናይ ባይቶ ምርጫ ስለዘይተኻየደ ኣብ ሃገራዊ ምርጫን ምስኡ ዝተሓሓዙን ሕቶታት ኤርትራ ባዶ (0) ክወሃባ ዘርብ ኣይኮነን። ይኹን'ምበር ኣብ ኤርትራ ብከባቢ ዓዲ ወይ ዞባታት ናይ ከተማ፡ ምርጫታት ይካየድ እዩ። ብግብሪ ከምዝርኣ ድማ ኣብዚ ምርጫታት'ዚ ኩሉ ዜጋ ክመርጽን ክምረጽን ይፍቀደሉ። እቲ ምርጫ ድማ ናጻን ፍትሓውን እዩ። እዚ ጭቡጢ ተዘንጊዑ ደዩ ወይስ ኮነ ኢልካ ተገዲፉ? ኣብ ፍርዲ ምእታው ኣየድልየናን፡ ግን ድኻም እቲ ገምጋም ክፍለጥ ኣለዎ።

ኣብ ላዕሊ ከም ዝተገለጸ፡ ጸኒሕና'ውን ኣብ ዝቕጽሉ ጽሑፍና ብሰፊሑ ከም ንድህስሶ ኣብ ሓንቲ ሃገር ደሞክራሲ ንኸሰስን ሓደ ቀንዲ ረቛሒ ናይ ህዝቢ ንቕሓትን ናይ ምውዳብ ዓቕምን እዩ። እዚ ብቐረባ ዝገምገም ናይ ኢኮኖሚስት ኢንተልጀንስ "ፖለቲካዊ ባህሊ" ዝብል መለክዒ ኮይኑ፡ ኣብዚ ድማ ኤርትራ (6.88) ነጥቢ ተዋሂብዋ። ሓፈሻዊ ፖለቲካዊ ባህሊ ብዓለም ደረጃ (5.56)፡ ብዓለም ኣፍሪቃ ደረጃ (5.24)፡ ብምዕራብ ኤውሮጳ ደረጃ (8.21)፡ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ (6.25) እዩ።

ከም ኩሉ እቲ ካልእ መዐቀኒታት ደሞክራሲ "ፖለቲካዊ ባህሊ" ዝብል መለክዒ ከም ዘለዎ ምውሳዱ ግቡእ ኣይኮነን። ይኹን'ምበር ከም ኢኮኖሚስት ኢንተሊጀንስ ዩኒት ዝኣመሰለ ኣማኸርቲ ትካላት፡ ህዝቢ ኤርትራ ካብ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ንላዕሊ "ፖለቲካዊ ባህሊ" ኣለዎ ክብሉ እንከለዉ፡ ብገለ መልክዕ ኑቲ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ማስርሕ ቃልሲን ድሕሪኡን ዘጥረዮ ንቕሓትን ውዳበን ክኽሕድኦ ስለዘጸገሞም ምሕረለን እዩ።




ይቕጽል . . .

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ወ/ሮ ትምኒት ኢትየጵያ ተኽለ ብመንገዲ ወኪላ ወ/ሮ ኣልማዝ ኪዳነ መሓሪ ትምኒት ኢትየጵያ ተኽለ ምባል ተሪፉ፡ ትምኒት ጥርያኅበር ተኽለ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/2/25 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋባእያ ቁ.32 ይቕረብ።

ከሳሲ. ሬገን ላይነ ዘሙይ፡ ተኸሳሲ. ኣማን ጉብሪት ተወልደ፡ ንናይ ገዘዝበ ዝምልከት ክሲ. ቀሪቡልካ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን13/03/25 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክርአ ምዃኑ ነፍልጥ።

ኣብ መንጎ ይግባይ በሃሊት ወ/ሮ ዛይድ ጉብረእግዚኣብሄርን መልሲ. ወሃብትን ምም/ዞባ ማእከልን ወረ/ነፍ/ኢታሎ ሻሳሎ ቪቶርዮን ኣብ ቤ/ፍ /ዞ/ማእከል ጉዳይ ከምዝለኩም ዝፍለጥ ኮይኑ፡ ወሃቢት መልሲ. ወረ/ነፍ/ኢታሎ ሻሳሎ ቪቶርዮ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን26/2/25 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ቁ.35 ቅረቡ። እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ ዘየለኹምሉ ክርአ ምዃኑ ነፍልጥ።

የርዳኖስ ዘወንጌል ተስፋይ ምባል ተሪፉ፡ ደሊና ዘወንጌል ተስፋይ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/3/25 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ቁ.49 ይቕረብ።

ኣብ መንጎ ከሳሲት ወሮ ደርጋኣለም ኣሸካለ ጉብረስላሴን፡ ተኸሰስቲ 1. ኣቶ ዘርኣይ ጉብረየውሃንስ ዑቕባዝጊ 2 ወ/ሮ ሃና ተስፋይ ግርመ ዘሎ ናይ ስም ምትሕልላፍ ጉዳይ ብዝምልከት፡ ተኸሰስቲ ኣድራሻኹም ስለ ዘይተፈልጠ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን26/2/25 ኣብ ቤ/ፍ 3ይ መጋባእያ ቁ.37 ቅረቡ። እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ ዘየለኹምሉ ክርአ ምዃኑ ነፍልጥ።

የርዳኖስ የሴፍ ኣስመላሽ፡ ዓወዩይ ኣደ ኣቦይ ሃንሱ ዘኮርያስ ጉብሩ ስለዝዋረፈት፡ ንኣቦይ ብምትካእ ናይ ዓወዩይ ወራሲት ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን20/3/25 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ቁ.49 ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዕዳጋ እኽሊ

ብ/በ/መ/ ወ/ሮ ኣለን ተስፋጼን እምባዩ፡ ብፍ/በ/ዕዳ ወ/ሮ ወርቅነሽ ጉብረስላሴ፡ ናይ ፈጻሚ ክሲ. ቀሪቡልኪ. ስለ ዘሎ፡ ኣድራሻኺ. ስለ ዘይተፈልጠ፡ ብጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ተጸዊዕኪ. ን17/2/25 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቢ። እንተዘይቀሪብኪ፡ ጉዳይኪ. ኣብ ዘየለኽሉ ክርአ ምዃኑ ነፍልጥ።

ወ/ሮ ናዝሬት ገመቹ፡ ኣደይ ሸዋነይሽ ሃይሉ ኢማም ስለዝዋረፈት፡ ኣነ ምስ ሓንቲ ሓፍተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/2/25 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ወራሲት ነፍ/ሄር ኣርኣያ ተደላ ወ/ሮ ኣበባ ኣርኣያ፡ ተጸዋዕቲ ወረ/ነፍ ኣርኣያ ተደላ፡ ነፍ/ሄር የውሃንስ ኣርኣያ 1.1 ሚካኤል የውሃንስ ኣርኣያ 1.2 ኣስመረት የውሃንስ ኣርኣያ 1.3 ራህዋ የውሃንስ ኣርኣያ 1.4 ሳራ የውሃንስ ኣርኣያ 1.5 ራሄል የውሃንስ ኣርኣያ ናይ ምቅሊት ክሲ. ተመስሪቱልኩም ስለ ዘሎ፡ ን24/2/25 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ቁ.1 ቅረቡ። እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ ዘየለኹምሉ ክርአ ምዃኑ ነፍልጥ።

ከሳሲ. ኣቶ ዓወት ዳንኤል ጉብረመድህን፡ ተኸሳሲ. ኣቶ ኀይትኣም ዓንደም ጉብረሂወት፡ ናይ መኪና ስም ምትሕልላፍ ክሲ. ተመስሪቱልካ ስለዘሎ፡ ን24/2/25 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ቁ.1 ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክርአ ምዃኑ ነፍልጥ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ጓዕዳድ

ወ/ሮ ዓደይ ለገሰ ተሰማ፡ ወደይ ናትናኤል ግርማይ ተስፋጋብር ስለዝተሰወአ፡ ኣነ ጥራይ ወራሲት ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/2/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣቶ መዝገበ ደበሳይ ጉብረማርያም፡ ኣቦና ደበሳይ ጉብረማርያም ጉብረሂወትን ኣዴና ህድኣት ሃብተማርያም መሓሪን ስለዝዋረፉ፡ ኣነ ምስ 7 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን11/3/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ከሳሲት ወ/ሮ መርሃዊት ኣብርሃም ይሕደጉ፡ ተኸሳሲ. ኣቶ ኣማኑኤል ኢሳቕ፡ ናይ ሓዳር ክሲ. ተመስሪቱልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን11/3/35 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክርአ ምዃኑ ነፍልጥ።

ሃዲያ ሓመድሓሰን ምባል ተሪፉ፡ ሳራ መሓመድ ሓሰን ዓቡዱልወሃብ ተባሂሉ ይተኣረመለይ፡ ስም ኣደይ ድማ ሐርያ ሓመድሓጎስ ምባል ተሪፉ፡ ሐርያ መሓመድብርሃን በሽር ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/3/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ሮዳስ ብርሃ ዘኬዎስ ምባል ተሪፉ፡ ናርዶስ ብርሃ ዘኬዎስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/3/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ሚካኤለ ኣንበሳ ባህታ ምባል ተሪፉ፡ ዘርኣም ኣንበሳ ባህታ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን11/3/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ፊቨን ብስራት እስቲፋኖስ፡ ብዓል ቤተይ ኣቶ መሉጌታ ተስፋይ ንጉሱ፡ ካብ 2017 ንደሓር ደሃዩ ስለ ዘይብለይ፡ ናይ ጥፉእ ውሳነ ይወሃበኒ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን3/3/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣቶ ዘርኣይ ሰመረ ሃብተማርያም፡ ብዓልቲ ቤተይ ሃና ቀሺ. ክፍለ ወልደገርግሽ ስለዝዋረፈት፡ ኣብ ዝንቀሳቐስ ይኹን ዘይንቀሳቐስ ንብረታ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 10 ደቅና ከኣ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን11/3/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ት/ዕድመ ሄኖስ ልኡል፡ ብመንገዲ ሞግዚት ወ/ሮ ሉተስላሴ ወልዳይ ተኽለሃይማኖት፡ ኣዴና ኣስመረት ዑቕባጽዮን ሰመረ ስለዝዋረፈት፡ ኣነ ምስ 2 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን11/3/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣቶ ወልዱ ኣሰገዶም ብርሃ፡ ብዓልቲ ቤተይ ኣሾሉ ክፍለ ጉብረዝጊ ስለዝዋረፈት፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 5 ደቅና ከኣ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን11/3/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ባጽዕ

ሳዕድያ ዓብዱ ዑስማን ምባል ተሪፉ፡ ሳዕድያ ዓብዱ ዑስማንጀዓሊ. ተባሂሉ ይተኣረመለይ፡ ስም ኣደይ ድማ መስዑዳ ሓጂ እድሪስ ምባል ተሪፉ፡ መስዑዳ ሓጂ ኣሕመድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን6/2/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ፋጡማ ኣሕመድ መሓመድ፡ ስም ኣደይ ጃምዓ ማሕሙድሽም ኣሕመድ ምባል ተሪፉ፡ ጃምዓ ማሕሙድ መሓመድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን4/3/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።



### ሓበሬታ

ሃገራዊ ማሕበር ብድሆ ኤርትራ

ኩሉ መዳያዊ ሓቅታት ኤች.ኣይ.ቪ/ኤይድስ ንምፍላጥ ናብ ሃገራዊ ማሕበር ብድሆ ኤርትራ ኣገልግሎት ምኽሪ ብቴለፎን ደውሉ።

ሰዓታት ስራሕ ካብ ሰኑይ ክሳብ ዓርቢ ንግሆ ካብ 8፡00 – 12፡00 ቅ.ቀትሪ ምሸት ድማ ካብ 2፡00 – 6፡00 ድ.ቀትሪ ብቁ.ስልኪ 110179 ደውሉ።

ቁ.ሳ.ፖስጣ 5537፣ E-mail; bidhonational@gmail.com

ስቕታ ጎዳኢ ስለዝኾነ ብዛዕባ ኤች.ኣይ.ቪ. ብግልጺ ንዘራረብ!!!

## Notice

Here given to the public that members of the **Abraham and Family Liquor P.l.c** on their extra ordinary meeting held on 15/12/2024 resolved the transfer of shares by inheritance:-

1. Late Abraham Tesfamichael Kuflu 190 Shares of value of nakfa 380,000.00 transfered to spouse and inheritors' as follows; and Art.7 of the memorandum of the company amended asfollows

| Members | Shares | Value of shares |
|---|---|---|
| 1. Tegbaru Kidane Welderufael | 222 | 444,000.00 |
| 2. Azieb Abrham Tesfamichael | 55 | 110.000.00 |
| 3. Elsa Abrham Tesfamichael | 54 | 108,000.00 |
| 4. Yosief Abrham Tesfamichael | 10 | 20,000.00 |
| 5. Yohanes Abrham Tesfamichael | 10 | 20,000.00 |
| 6. Awet Abrham Tesfamichael | 10 | 20,000.00 |
| 7.Amanuel Abrham Tesfamichael | 9 | 18,000.00 |
| 8. Semhar Abrham Tesfamichael | 10 | 20,000.00 |
| **Total** | **380** | **760,000.00** |

2. Adiam Abraham Tesfamichael to be appointed the manager of the company for unlimited period of time.

**Abraham and Family Liquor p.l.c**

## Notice

"AGAPE Clearing and Forwarding Private Limited Company on their extra ordinary meeting held on 24 December 2024 unanimously passed the withdrawal of Asefaw Zerie Uqbagiorgis from the company by selling his all 35 shares of value 175,000.00 nkf to Senait Habtom Berh.

Accordingly , Art. 1 the new structure of the share holders and shares read as follows:: Notice hereby given to the public that

| Name | Shares | value of shares |
|---|---|---|
| 1. Senait Habtom Berh | 70 | 350,000.00 |
| 2. Tekle Adhanom Beraki | 30 | 150,000.00 |
| Total | 100 | 500,000.00 |

**AGAPE Clearing and Forwarding Private Limited Company**

# ስፖርት

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

## ሃገራዊ ውድድር 'ክለባት ኩዕሶ እግሪ ደቂ-ካንስትዮ' ክካየድ እዩ

ኣማር ዓሊ

ሃገራዊ ፈደረሽን ኩዕሶ እግሪ ኤርትራ፡ ካብ 1 ክሳብ 16 ለካቲት ሃገራዊ ውድድር ክለባት ኩዕሶ እግሪ ደቂ-ኣንስትዮ ኣብ ስታድዩም ኣስመራ ክካየድ ምዃኑ፡ ትማሊ ረቡዕ ኣብ ዝሃቦ ጋዜጣዊ መግለጺ ሓቢሩ።

ኣብዚ ብዓይነቱ ቀዳማይ ንፈለማ ግዜኡ ዝካየድ ውድድር፡ ብዘይካ ሶሚናዊ ቀይሕ ባሕሪ ካብ ዝተረፋ ሓሙሽተ ዞባታት ዝተዋጽኣ 12 ጋንታታት ክሳተፋ እየን። ኣብዚ ዞባታት ብሕሩያት ጋንታታተን ኣብለን ዝሳተፋሉ ውድድር፡ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ ኣብ ዞባኣ ኣብ ውድድር ተጸሚዳ ብምህላዋ እያ ክትሳተፍ ዘይክኣለት። ዓንሰባ፡ ደቡብ፡ ጋሽ ባርካን ደቡባዊ ቀይሕ ባሕርን ብሕሩያት ጋንታታተን ክሳተፋ እንከለዋ፡ ዝተረፋ ሸሞንተ ጋንታታት ኣብ ስሩዕ ውድድራት ኩዕሶ እግሪ ዞባ ማእከል ተጠርኒፈን ዘውዳደራ ጋንታታት ደንደን፡ ሰገን፡ ኢንሹራንስ፡ ሓይሊ ኣየር፡ ሰምበል፡ ጉዳይፍ፡ ዕዳጋ ሓሙስን ፒጀረትን እየን።

ሃገራዊ ፈደረሽን ምስ ዝተፈላለዩ ኣካላት ድሕሪ ዝገበሮ ርክብ፡ ዓቕሚ ናይዘን ተሳተፍቲ ጋንታታት ኣብ ግምት ብምእታው፡ ኣብ ክልተ ምድብ (ካታጎሪ) ከፊሉዎ ኣሎ። ምድብ ሉ፡ ኑተን ዝዓበየ ዓቕሚ ዘለወን ኣርባዕተ ጋንታታት ዞባ ማእከል ደንደን፡ ሰገን፡ ኢንሹራንስን ሓይሊ ኣየርን ዝሓቖፈ እዩ። ምድብ ቢ ድማ፡ ብሰንኪ ስሉው ውድድር ክማምኖማ ዘይክኣላ ናይ ዞባታት ጋንታታት፡ ምስ ዝተረፋ ኣርባዕተ ናይ ምምሕዳራት ጋንታታት ዞባ ማእከል ተጠርኒፈን ኣለዋ።

ዕላማ ናይዚ ውድድር ብቐንዱ ኩዕሶ እግሪ ደቂ ኣንስትዮ ንምዕባይ ክኸውን እንከሎ፡ ኣብ ዞባ ማእከል ጥራይ ተሓጺሩ ዝርከብ ውድድራት ናብ ኩለን ዞባታት ተበጺሒ ዝኾሉ መንገዲታት ንምፍጣር፡ ዞባታት ዘለወን ዓቕሚ ንምፍታሽ ከምኡ'ውን ነቲ ኣብ መጻኢ ክካየድ ከም ወጥን ተታሒዙ ዘሎ ሊግ ኩዕሶ እግሪ ደቂ ኣንስትዮ ኤርትራ ንምምምጋም፡ ዝዓለመ'ውን ምዃኑ ኣብቲ ኣጋጣሚ ተገሊጹ።

እዚ ውድድር ድሕሪ ምኽያዱን ምምምጋሙን ደረጃን ብቕዓትን ደቂ ኣንስትዮ ተጻወትቲ ሃገርና ኣብ ኮመይ ደረጃ ከምዝሎ፡ ኣብ ንቕሓት ሕብረተሰብን ተራ ወለድን ዘተኮረ ሰሚናር ክካየድ ድማ፡ ከም መደብ ተታሒዙ ኣሎ።

'ኣቕዲሙ ኣይተሓበረናን'፡ 'እኹል ናይ ምድላው ግዜ ኣይረኸብናን' ዝብሉ ገለ ካብቶም ቀደሚ ሕጂ ብዞባታት ዝቐርቡ ዝበሩ ጥርዓናት እዮም። እዚ ንኸይከውን ግና፡ ፈጻሚት ኣካል ሃገራዊ ፈደረሽን ኣቕዲሙ ምስ ሹዱሽተአን ዞባውያን ፈደረሽናት ብምርኻብ፡ እቲ ውድድር ክካየድ ምዃኑ ኣቕዲሙ ሓቢሬታ ከምዝሕለፈን ንሕግታት ናይዚ ውድድር ዝገልጽ 19 ዓንቀጻት ዝሓዘለ ወረቓቕቲ'ውን ኣብ ግዜኡ ናብ ዞባታት ከምዝለኣኸን ኣፍሊጡ።

ብተወሳኺ፡ ኣብ ክልተኡ ምድብ ካብ ቀዳማይ ክሳብ ሳልሳይ ደረጃ ንዝሓዛ ጋንታታት፡ ናይ ገንዘብን ዋናጨን ሽልማት ክህሉ እዩ። ኣብ ነፍሲ ወከፍ ጸወታ ከኣ፡ ብሉጽ ብቕዓት ዝርኣየት ተጻዋቲት ሽልማት ብልጽቲ ተጻዋቲት ክወሃብ እዩ። ኣብ ምዝዛም እዚ ውድድር ከኣ፡ ንብልጽቲ ሓላዊት ልዳትን ብልጽቲ ተጻዋቲትን ውልቃዊ ሽልማት ተዳልዩ ይርከብ።

እዚ ሃገራዊ ውድድር ካብቲ ቀደሚ ሕጂ ዝተኻየደ ናይ ደቂ ኣንስትዮ ውድድራት ፍልይ ዝብሎ፡ ኩሉ ግጥማት ብደቂ ኣንስትዮ ደያኑ ዝኣለ ብምዃኑ እዩ። 16 ደያኑ፡ ክልተ ኮሚሽነራት፡ ክልተ ድማ ብመዳይ ግምገማ (assessment) ነዚ ውድድር ክመርሓኦ እየን። እዚ ውድድር፡ ደቂ ኣንስትዮ ሃገርና ብኹሉ ንጥፈታት ኩዕሶ እግሪ ጉሊሖን ንኽወጻ በሪ ዝኸፍት ብዓይነቱ ናይ ፈለማ ውድድር እዩ።

ጋንታታት፡ ካብዚ ውድድር ቅዱስ ቅንኢ ናይተን ዓበይቲ ጋንታታት ሓዲሩወን ንኽወጻ ብኡሩም ጠባይ ክጻወታ፡ እዚ ውድድር ንደቂ ኣንስትዮ ጥራይ ዝወከለ ብምዃኑ ድማ፡ ደያኑ ብትብዓት፡ ሓይለንን ዓቕመንን ከርእያ፡ ሃገራዊ ፈደረሽን ተላቢዩ።



## ውድድር ማውንተይን ባይክ ኣብያተ ትምህርቲ ቀጺሉ

ሻምፕዮን ቅድድም ብሽክሊታ ማውንተይን ባይክ ኣብያተ ትምህርቲ ዞባ ማእከል፡ ብቐደሚ ትማሊ ቀጺሉ።

ኣብዚ ሳልሳይ መድረኹ ተቐዳደምቲ ካልኣይ ደረጃ ክሊ ዕድመ 17ን 18ን ካብ እምባትካላ ተበጊሶም ኣብ ማይ ደምዓት ዝዛዘመ ናይ 37 ኪሎ ሜትር ናይ በረኻ ውድድር እዮም ኣካይዶም። ክልተ ናይ ዓቕብ ቅጽበታዊ ውድድር ዘጠቓለለ ድማ ነይሩ።

ኣብ መዛዘሚ ኣብ ዝተኻየደ ቅጽበታዊ ውድድር፡ እሰይ ኪዳን ካብ ቤ/ት ሓርነት ክዕወት እንከሎ፡ ሴም መርሃዊ - ሰምበል፡ ኣስረስ ዓብደራሃቕ - እምባሓራ ካልኣይን ሳልሳይን ኣትዮም።

እሰይ ብ22 ነጥቢ ንግልያ ኣንበሳ ዓቕብ ተዓዊቱሉ። ዳኒኤል የማን ካብ ባርካ ብ15 ነጥቢ፡ ሴም መርሃዊ ብ13 ነጥቢ ድሕሪኡ ተሰሪዖም።

ንናይ ነጥቢ ግዜን ዝወሃብ ቀጠልያን ብዮጊን ማልያ ከኣ ኣስረስ ዓብደራሃቕ ተዓዊቱለን።

ብጋንታ ቤት ትምህርቲ ደንደን ብ10 ሰዓት፡ 27 ደቒቕን 26 ካልኢትን ትመርሕ። ሓለይ ብ7 ደቒቕን 22 ካልኢትን ድሕሪራ ካልኣይቲ፡ ባርካ ብ8 ደቒቕን 22 ካልኢትን ድሕሪራ ሳልሳይ ደረጃ ምሓዘን ካብ ጨንፈር ሚኒስትሪ ትምህርቲ ዞባ ማእከል ዝተረኽበ ሓበሬታ የረድኡ።



## ነይማር፡ ምስ ምሉእ ዓቕሙ ዘተኸስረ ተጻዋታይ

ኣብ ቀዳሞት ዓመታት ናይ 2010ታት ድሕሪቲ ኣብ ብራዚላዊት ክሉብ ሳንቶስ ዘርኣዮ ብርቂ ብቕዓት፡ ቀልቢ ሪያል ማድሪድን ባርሴሎናን ዝርከብኦን ብዙሓት ዓበይቲ ክለባት ኤውሮጳ ክስሕብ ክኢሉ። ኣብ ግንቦት 2013 ከኣ ናብ ባርሴሎና ተጸምቢሩ። ብዝበርኦ ተፈጥሮኣዊ ሱሓቢ ምልክት ኩዕሱ ኑቲ ኣብቲ እዋን'ቲ ብርናልዶን ማሲን ተዓብሊሉ ዝበረ ውልቃዊ ሽልማት ክቋደሶን ካብኡ ሓሊፉ'ውን ክብሕቶን ትጽቢት ብዙሓት ነይሩ። ብዓብኡ ከኣ ነታ ኣብ 2002 ዋንጫ ዓለም ድሕሪ ምዕታራ ንዝዊሕ ዓመታት ዘይማእማኣ ሃገሩ ብራዚል፡ ናብቲ እትልለየሉ ዝለዓለ መድረኽ ከብጽሓን ዋንጫ ዓለም ከዕትራን ግምት ነይሩ።

እንተኾነ፡ ድሕሪ ናይ 10 ዓመታት ጉዕዞ ናይ ኤውሮጳ ዝተገብረሉ ትጽቢት ከይመለሰ ክንደይ ሓርጎጽጎጽ ኣሕሊፉ፡ ኣብ ክረምቲ 2023 ናብ ስዑዲ ዓረብ ክሉብ ኣልሂላል ተጸምቢሩ። ኣብ ዝሓለፉ 18 ኣዋርሕ ሸውዓተ ግጥማት ጥራይ ኣካይዱ ድማ፡ ቅድሚ ገለ መዓልታት ውዕሉ ኣቋሪጹ ተፋንዩ። እቲ ዝወጸእ ዘሎ ዜናታት ብዙሕ እኳ እንተኾነ፡ ዝያዳ ግና ናብታ 12 ዓመታት ዝተፈለያ - ማበሪት ፕሮፈሽናል ናይ ጸወታ ግዜኡ ዝኾነት ሳንቶስ ክምለስ ምዃኑ እዩ ዝንገረሉ ዘሎ - ንብራዚላዊ ነይማር ጁኒየር።

እቲ ዝበለጸ ግዜ ናይ ነይማር መዓስ ነይሩ?

ኣብ ሳንቶስ ዘርኣዮ ብቕዓት፡ ምስ ተወህቦኡ ዝድመር፡ መሰረት እቲ ብራዚላውያን ተጻወትቲ ኣብ ጎደናታትን ሻውላትን ሃገርም ብምጽዋት ዝፈጥርዎ ምልክት ኩዕሶ እዩ። ኣብ ጉዕዞኡ'ውን ዝበለጸ ኣብጋግሳ ነይሩዎ። ምኽንያቱ፡ ሽልማት ዝበለጸት ሽቶ ዓለም 'ፑሽካሽ' ኣብ 2011 ኣብ ጸምብል ባሎን ድ'ኦር ክዕወተላ እንከሎ፡ ዝበለጸ ደቡብ ኣመሪካዊ ተጻዋታይ'ውን ተባሂሉ። ኣብ ሊግ ሃገሩን ኮፓ ለበርታዶረስን (ናይ ደቡብ ኣመሪካ ክለባት ዝሳተፋሉ ልክዕ ከም ሻምፕዮንስ ሊግ ናይ ኤውሮጳ)፡ ከምኡ'ውን ዋንጫ ክለባት ዓለምን ዘርኣዮ ብቕዓት፡ ስሙ ክጻዋ ሃገሩ ኣብ ኤውሮጳ ኪጋዋሕ ኣኽኢልዎ እዩ።


እቲ ዝበለጸ ግዜኡ ግና፡ ናይ ባርሴሎና ጉዕዞኡ እዩ። ወዲ 21 ዓመት ምስ ኮነ ናብ ባርሳ ዝተጸምበረ ነይማር፡ ምስ ድንቂ ተጻዋታይ መሲን ደቂ ጋንታኡን ክላፈን ግዜ ኣይወሰደን፤ ንዓለም ሓዲሽ ኮኾብ ምምጻኡ'ውን ኣርኣየ። ብፍላይ ሉዊስ ስዋረዝ ኣብ 2014 ካብ ሊቨርፑል ምስ ተጸምበርም፡ ኤምኤስኤን (MSN) ዝተሰምየ ሓያል ማስመር መጥቃዕቲ ማስሪዖም፡ እቲ ዝበለጸ ግዜ ኣሕሊፎም። ነይማር፡ ብውልቂ ወሰኺ ተጻዋታይ ክኸውን ክኢሉ፣ መሪሕ ተጻዋታይ ግና ኣይኮነን። ዝያዳ ክብሪ'ውን ንመሲ ይወሃብ ምንባሩ ይዝከር። መሲ፡ ምስ ሮናልዶ ኣብ ኩሉ መዳይ እንክወዳደር ድማ፡ ተራ ናይዚ ንሸቶ ዘይሰስዕ ዝበረ ብራዚላዊ ሰማይ ጠቀስ ነይሩ።

8 መጋቢት 2017 ግና፡ ንምውጻእ ነይማር ዝደፋፈኣት ዕለት ምዃና ይንገር። ኣብ ቀዳማይ እግሪ ሻምፕዮንስ ሊግ ኣብ ሜዳኣ ብፒኤስጂ 4-0 ተሳዒራ ዝነበረት ባርሳ፡ ኣብቲ ዕለት ኣብ ካልኣይ እብረ ተኣምር ክበሃል ብዝኽኣል 6-1 ተዓዊታ፡ ብድምር 6-5 ሰዒራ ናብ ርብዒ ፍጻመ ዝሓለፈትሉ እዋን እዩ። ኣብቲ ጸወታ ልዕሊ ዝኾነ ሰብ ነይማር ልዑል ኣበርክቶ ነይሩዎ። ክልተ ሽቶታት ባዕሉ ከመዝግብ እንከሎ፡ ነታ ሰርጂ ሮበርቶ ኣብ መበል 95 ደቒቕ ዘመዝገባ ዘሕለፈቶም ሽቶ ድማ ሃንዳስኣ ንሱ እዩ።

ነይማር፡ ሓንቲ ካብተን ዘመዝገበን ሽቶታት፡ ኣብ መበል 91 ደቒቕ እተረኽበት ትብዓት እትሓትት ፍጹዕ ቅላዕ እያ ነይራ። ቀዳማይ ሃረሚ ፍጹም ቅላዕ ዝበረ መሲ፡ ኣቕዲሙ ንሳልሳይቲ ሽቶ ብፍጹም ቅላዕ ኣመዝጊቡ ነይሩ።

እዛ ጸወታ፡ ንዘኾነት ጋንታ ክሰኮማ ከምዝኽእል ዘተባብዖ እያ ነይራ። ዝያዳ ሞሳ ግና ናብ መሲ ብምዝዛዉ፡ ኣብ 2015 ደማ ብሓባር እናተጻወቱ፡ መሲ ባሎን ዲ'ኦር ብምዕታሩ፡ ቀንዲ/መሪሕ ተጻዋታይ ክኾነሉ ናብ ዝኽእል ክሉብ ክኸይድ ከምዝተቐሰቦ ይግለጽ። ወላ'ኳ ኣቦኡ፡ ዝሓለፈ ወርሒ ድሕሪ ሸሞንተ ዓመታት፡ "እታ ጋንታ ንመሲ ቦታኡ ክትምንጥሎ ዝደለየት ትመስል ነይራ። ነይማር ግና፡ ንመሲ መንጢሉ ዝዓበየ ኮኾብ ባርሳ ክኸውን ብዘይምድላዩ እዩ ወጺኡ።" እንተበሎ።





በዚ ኮይኑ በቲ ግና፡ ኣብ ክረምቲ 2017 ዝኸበረ ተጻዋታይ ዓለም ብዝዕወየ 222 ሚልዮን ዩሮ ተኸፊልሉ፡ ናብታ ቀንዲ ተጻዋታይ ክኾኖ ከምዝእኽል ዝኣመነት ፒኤስጂ ተጸምቢሩ። እዛ ክሉብ፡ ዋንጫ ሻምፕዮንስ ሊግ ክትዓትር ብምድላያ እያ፡ ነዚ ክሳብ ሕጂ ዝኾነ ተጻዋታይ ዘየብጽሖ ገንዘብ ከፊላትሉ።

ኣብዛ ጋንታ ኣብ ዝጸንሓሉ ግና፡ ወገኑ ናይ'ታ ጋንታ ዝነብሩሉ ዝበሩ ሓለፋታት ናብ በሽቀጥቀጥ ስለዘድሃበሉ፡ ክእሉኡ ምሓር ከርኢ ኣብ ዝፍትነሉ ዝጥጥሞ ዝበረ ተደጋጋሚ መጉዳእቲ፡ ካብ ሜዳ ወጺኡ ዝበሮ ቀይዲ በተኽ ኣካይዳን ካልእን ጉዕዞኡ ስሙር ኣይነበረን። ኣብዚን ካብ መጉዳእቲ ሓውዩ ዝሰለፈለን ዝበረ ግጥማት ወሲኹ ካብ ምዃን ግና ኣይተዓንቀጸን፡ መራሒ ግና ኣይኮነን።

ንፒኤስጂ፡ ነታ እትምኒያ ዋንጫ ሻምፕዮንስ ሊግ ከምጽኣላ ኣይከኣለን። ኣብ 2019-20 ኣብ ፍጻመ በጺሖም ብባየር ሙኒክ 1-0 ምስዓርም ይዝከር። ነቲ ፒኤስጂ ከም ድላያ እትዕወተሉ ናይ ፈረንሳ ውድድር ኣብ ምዕዋት እውን ንሱ ተወሳኺ እምበር፡ ዘምጽኦ ለውጢ ኣይነበረን። ምስቲ ኣብ መወዳእታ ዓመታት መሪሕ ተጻዋታይ ፒኤስጂ እናኾነ ዝመጸ ኪልያን ምባፐ ብዝበርኦ ዘይምስምማዕ ድማ፡ ዘይዕወት ግዜ ኣሕሊፉ እንተተባህለ ምጋነን ኣይኮነን።

ኣብ ክረምቲ 2023 ከኣ፡ ኣሸንኳይ ንሮናልዶን መሲን ካብ ዝሩናም ከውርዶም፡ ከም ዝኾነ ተጻዋታይ ሓንኳብ'ውን ትኾን ብሉጽ ተጻዋታይ ዓለም ከይተባህለ፡ ካብ ኤውሮጳ ወጺኡ ናብቲ ብብዙሒ ገንዘብ ዝኸፍል ዘሎ ሊግ ስዑዲ ዓረብ ግዒዙ። ሸውዓተ ግጥማት ተጻዊቱ ከኣ፡ ብሰሪ ተደጋጋሚ መጉዳእቲ፡ ብስምምዕ ምስ ክለቡ ዝበሮ ውዕል ኣፍሪሱ ተፈላልዩ።

በዚ ኮይኑ በቲ፡ ታሪኽ ነይማር ብዙሕ ዘርብ ፍጻመታት ዘለዎ እዩ፡ ብሓጺሩ ግና ከምዚ ይመስል። ምስቲ ዝበሮ ኣብጋግሳን ድሕሪ ሮናልዲኞ ዳርጋ ኣብኡ ጥራይ ዝርከብ ዝበረ እጹብ ድንቂ ውልቃዊ ክእለትን ከኣ፡ ብስሙ ብዙሕ ታሪኽ ክጽሕፈሉ ንዓመታት ተሃንጥዩ ዝበረ መድረኽ ኩዕሶ እግሪ ዓለም፡ ብርሁ ከቐምጥን መዘክሩ ክየጹን ተቐሲቡ ኣሎ። ንሱ ኸኣ፡ ወርቃዊ ግዜኡ ዛዚሙ። ብራዚላውያን ኣብ ልዕሊኡ ዝበሮም እምነት ምዕዋት ዋንጫ ዓለም'ውን ብተመሳሳሊ። ምናልባት ግና ኣብ ዋንጫ ዓለም 2026 ተመሪጹ እንተኣዕወየም ብሕጂ ዝርአ እዩ - ኣብ ኩዕሶ ዘጋጥም ስለዘየሎ።

### መደብ ጸወታ

**ሎሚ**

**ዘዋሪት ዋንጫ**

ቀይሕ ባሕሪ - ደንደን ቢ 11:30 ቅ.ቀ

ኣስመራ በራ - ፓራዳዛ 1:30 ድ.ቀ

**ሱፐር ዲቪዥን 'ኤ'**

ኣልታሕረር - ማይ ተመናይ 3:30 ድ.ቀ

**ኤውሮፕያን ሊግ**

ኤሲ.ኤቢ. - ማን ዩናይትድ

ቶተንሃም - ኣልፍስቦርግ

ሮማ - ኢንትራክፍራንክ ፈርት

ኣያክስ - ጋላታሳራይ

ብዘይካዚ፡ ካልኦት 14 ግጥማት'ውን ሰዓት 11:00 ድ.ቀ ክካየድ እዩ።

# ዜና ወጻኢ

ሚርያም ኣብርሃም

## ትራምፕ፡ ናብ ቀዳማይ ሚኒስተር እስራኤል ዕድመ ልኢኹ


ፕረዚደንት ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ዶናልድ ትራምፕ፡ ቀዳማይ ሚኒስተር እስራኤል በንያሚን ናታንያሁ ኣብ ኣመሪካ ዑደት ክፍጽም ዝዕድም ወግዓዊ ደብዳበ ሰዲዱ።

እቲ መልእኽቲ፡ ቀዳማይ ሚኒስተር ናታንያሁ ዝመጽእ 4 ለካቲት ኣብ ኣመሪካ ምብጻሕ ከካይድን ምስ ዶናልድ ትራምፕ ተራኺቡ ኣብ ጉዳይ ሰላም እስራኤልን ጎረባብቲ ሃገራትን ክዘራረብን ዝዕድም እዩ።

ፕረዚደንት ትራምፕ፡ ኣብዚ ዳግማይ ናብ ስልጣን መሪሕነት ተመሊሱ ዘሎሉ እዋን፡ ናታንያሁ ናብ ቤተ-መንግስቲ ዋይት ሃውስ ዝበጽሕ ቀዳማይ መራሒ ክኸውን ድሌቱ ምዃኑ ኣብሪሁ። ክልቲኦም መራሕቲ ብቐረባ ክመያየጡ ከምዝደለ'ውን ገሊጹ።

ናታንያሁ ብገበን ኲናት ተኸሲሱ ብኣህጉራዊ ቤት-ፍርዲ ገበናት ኣብ ዝድለየሉ ዘሎ እዋን ኑቲ ዕድመ ምቕባሉ፡ ኑቲ መራሒ መንግስቲ ዓቢ ፖለቲካዊ መኸሰብ ክኸውን ከምዝኽእል እዮም ዝተፈላለዩ ወገናት ዘረድኡ።

'ኣብ ወሸመጥ ቓዛ ንሲቪላውያን ሰባት ዒላማ ገይሩ፣ ንጥሜት ከም መሳርሒ ኲናት ተጠቒሙ' ዝበሉ ክሲታት ቀሪቡሉ ዘሎ ናታንያሁ፡ ናብ ኣህጉራዊ ቤት-ፍርዲ ክቐርብ ትእዛዝ ተመሓላሊፉሉ ኣሎ። ናብዞን ኣባላት እቲ ኣህጉራዊ ቤት-ፍርዲ ዝኾና 120 ሃገራት ምብጻሕ እንተ ኣካይዱ'ውን ክእሰር ከምዝለዎ'ዩ እቲ ቤት ፍርዲ ዝኣዘዞ። እንተኾነ ተግባራውነት ናይቲ ትእዛዝ ኣጠራጣሪ ምዃኑ ዝተፈላለዩ ወገናት የመልክቱ።



ፕረዚደንት ኣመሪካ ነበር ጆ ባይደን፡ ኣብ ናይ ስልጣን ግዜኦም ኑቲ ብኣህጉራዊ ቤት-ፍርዲ ገበናት ዝተመስረተ ክሲ ብምኹናን እቲ ቤት-ፍርዲ ኣብ ልዕሊ ናታንያሁ ናይ ማእሰርቲ ውሳነ እንተ ኣመሓላሊፉ እገዳ ክጉበረሉ ምዃኑ ኣጠንቂቖም ይርሩ።

ዶናልድ ትራምፕን በንያሚን ናታንያሁን ዝሓለፈ ወርሒ ሓምለ ኣብ ክፍለ-ሃገር ፍሎሪዳ - ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ቀጥታዊ ርክብ ኣካይዶም ምንባርም ይጥቀሱ።

## ልኡኽ ሩስያ፡ ኣብ ሶርያ ምብጻሕ የካይድ

ልኡኽ ፈደረሽን ሩስያ፡ ኣብ ከተማ ደማስቆ - ሶርያ ምብጻሕ የካይድ ከምዘሎ ተሓቢሩ።

እቲ ብምኽትል ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ሚካኤል ቦግዳኖቭ ዝተመርሐ ፍሉይ ልኡኽ፡ ምስ ሓደስቲ መራሕቲ ሶርያ ክዘራረብ ትጽቢት ከምዝሎ ይግለጽ ኣሎ።

ሩስያ፡ ፕረዚደንት ሶርያ ነበር ባሻር ኣል-ኣሳድ ካብ ስልጣኑ ካብ ዝእለ ንደሓር ንፈለማ እዋን'ያ ናብታ ሃገር ሳዕለዋይ ልኡኽ ትሰድድ ዘላ።

እቲ ምብጻሕ፡ ኣካል ናይቲ ሩስያ ምስ ሶርያ ዘለዋ ወተሃደራዊ ዝምድና ንምድንፋዕ እተካይዶ ዘላ ጻዕርታት ምዃኑ እዩ ዝሕበር ዘሎ።



"ኣብ ሶርያ ተፈጢሩ ዘሎ ናይ ስልጣን ምቅይያር፡ ንዝምድና ክልቲኤን ሃገራት ብኣሉታ ኣይጸልዎን እዩ" ዝበለ ሚካኤል ቦግዳኖቭ፡ ሩስያ ንሓድነትን ሰላምን ህዝቢ ሶርያ ከምእተኽብር ኣሕጺሩ።

እቲ ልኡኽ ብዘወሃሃቦ፡ ክልተአን ሃገራት ኣብ ጽላታት ንግዲ፡ ቁጠባ፡ ጸጥታን ትሕተ-ቅርጺን ንምትሕግጋዝ ዝዓለመ ዝርርብ ምስ ሰብመዚ ሶርያ ከምዝካየድ ኣረዲኡ።

ሩስያን ሶርያን ብዙሕ ሓባራዊ ረብሓታት ከምዘለወን ዝጠቐሰ ሳዕለዋይ ሓለፊ ምምሕዳር ሶርያ ኣሕመድ ኣል-ሻራ ብወገኑ፡ ሩስያ ኑቲ ዝምድና ብዘዖንዎ ኣገባብ ካብ ሶርያ ክትወጽእ ድሌት ከምዘይብሉ ገሊጹ።

## መጠን ሰደድ ባህርያዊ ጋዝ ሩስያ ሓዲሽ ክብረ-ወሰን ሒዙ

መጠን ሰደድ ፈሳሲ ባህርያዊ ጋዝ ፈደረሽን ሩስያ፡ ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ሓዲሽ ክብረ-ወሰን ከምዝሓዘ ተሓቢሩ።

ሩስያ ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ኣስታት 33.6 ሚልዮን ቶን ባህርያዊ ጋዝ ናብ ካልኦት ሃገራት ከምዝለኣኸት ዝጠቐሱ ጸብጻባት፡ እቲ ኣሃዝ ምስቲ ናይ ቅድሚኡ ዝነበረ ዓመት ክነጻጸር እንከሎ ብ4 ሚእታዊት ከምዝዓበየ ኣፈሊጦም።

ልዕሊ ፍርቂ ካብቲ ሰደድ ናብ ሃገራት ኤውሮጳዊ ሕብረት ከምእተላእከ ዝሓበረት ሩስያ፡ ሃገራት ምዕራብ ካብቲ ኣብ ቀረብ ባህርያዊ ጋዝ ሩስያ ዘለወን ምርኩሳ ብቐሊሉ ክናገፋ ከምዘይክእላ ገሊጻ።

ሩስያ ንመጠን ሰደድ ፈሳሲ ባህርያዊ ጋዝ ንምዕባይ ብዙሓት ዓበይቲ ፕሮጀክትታት ሓንጺጸ ከምዛላ ዝሓበረ ሓደ ካብ ሳዕለምቲ ሰብመዚ'ታ ሃገር፡ ዝዓበየ መጠን እቲ ሰደድ ናብ ሃገራት ኤውሮጳን ኤሲያን ከምዝቐንዕ ኣረዲኡ።



ብመሰረት ጸብጻባት፡ ሃገራት ኤውሮጳዊ ሕብረት ኣብ 2024 ኣስታት 17.4 ሚልዮን ቶን ፈሳሲ ባህርያዊ ጋዝ ካብ ሩስያ ዓዲገን።

እቲ ሰደድ ብሚእታዊት ክረአ እንከሎ ንልዕሊ 52.1 ሚእታዊት ከምዝሸፈነ ዝጠቐሱ እቶም ጸብጻባት፡ ፈረንሳ፡ በልጅዩም፡ ስጳኛን ኔዘርላንድስን እተን ቀዳሞት ሸመትቲ ምንባረን ኣብሪሆም።

## ደ.ሪ.ኮንጎ - ነበርቲ ኪንሻሳ ንኤምባሲታት ኣጥቂዖም

ኣብ ደሞክራሳዊት ሪፓብሊክ ኮንጎ ንዕጡቕ ጉጅለ ኤም-23 ዝቃወሙ ሰልፈኛታት፡ ኣብ ከተማ ኪንሻሳ ንዝርከብ ገለ ኤምባሲታት ከምዝጥቅዑ ይሕበር ኣሎ።

እቶም ኣብ ሃገሮም ተኸሲቱ ብዘሎ ኩነታት ዝተቖጥዑ ሰልፈኛታት፡ ሃገራት ምዕራብን ዝተፈላለያ ሃገራት ኣፍሪቃን፡ ንምብራቓዊ ክፋል እታ ሃገር ተቖጻጺሩ ንዘሎ ዕጡቕ ጉጅለ ኤም-23 ይድግፋ ከምዘለዋ ብምኽሳስ እዮም ንኤምባሲታተን ከጥቅዑ ጀሚሮም።

"ርዋንዳ ምስ በልጅዩም፡ ፈረንሳ፡ ብፍላይ ቀጸሪ ኤምባሲታት ፈረንሳን በልጅዩምን ገለ ዕንወት ከምዝወረዶ'ዩ ዝሕበር ዘሎ።

ርዋንዳ ኑቲ ብማዕድናት ሃብታም ምዃኑ ዝንገረሉ ምብራቓዊ ክፋል ደ.ሪ.ኮንጎ ዝተቖጻጸረ - ብዓሌት ቱትሲ ዝምራሕ ዕጡቕ ጉጅለ ትድግፍ ከምዘላ'ኳ ክትክሰስ እንተጸንሐት፡ እታ ሃገር ግን ኑቲ ክሲታት ኩሉ ግዜ ምስ ነጸገቶ እያ።

ብመሰረት ጸብጻባት፡ ዝሓለፈ መዓልታት ጉጅለ ኤም-23 ንከተማ ጎማ ኣብ ዝተቖጻጸረሉ ልዕሊ 100 ሽሕ



ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካን ካልኦት ሃገራትን ተሻሪኻ ኑቲ ዕጡቕ ጉጅለ ትድግፍ ኣላ" ዝበሉ እቶም ተቓወምቲ፡ ኣብ ቀጸሪ ናይ ብርክት ዝበለ ኤምባሲታት ሓዊ ከምዝቃጸሉ ተፈሊጡ።

ነበርቲ ካብ ቤት-ንበረቶም ተመዛቢሎም ኣለው። ብሰንኪ'ቲ ኣብ ደ.ሪ.ኮንጎ ዘሎ ቀጻሊ ጸጥታዊ ዘይምርግጋእ፡ ካብ ልዕሊ 7 ሚልዮን ዜጋታት'ታ ሃገር ካብ መንበሮኦም ከምእተመዛበሉ ጸብጻብ ውድብ ሕቡራት ሃገራት የረድእ።

## ህንዲ - ብጽቕጥቕጥ ብዙሓት ሰባት ሞይቶም

ኣብ ሰሜናዊ ክፋል ህንዲ፡ ኣብ ሓደ ሃይማኖታዊ በዓል ብዘጋጠመ ሓደጋ ጽቕጥቕጥ፡ ብውሕዱ 15 ሰባት ከምዝሞቱ ይሕበር ኣሎ።

ብዘወሃሃበ፡ በቲ ጽቕጥቕጥ ካልኦት ብዓሰርተታት ዝቑጸሩ ሰባት ቆሲሎም ብምህላዎም፡ ቁጽሪ ምውታት ክዛይድ ስግኣት ከምዘሎ፡ ሰብመዚ ሚኒስትሪ ጥዕና'ታ ሃገር ሓቢሮም።

ኣብቲ ዝካየድ ዘሎ ብ'ሙሃ መምባ ሚላ' ዝፍለጥ ዓቢ ሃይማኖታዊ በዓል፡ ልዕሊ 100 ሚልዮን ህንዳውያን ክሳተፍዎ መደብ ተታሒዙ ከምዝነበረ ተገሊጹ።

ቀንዲ ጠንቂ ናይቲ ሓደጋ ብዙሒ ህዝብን ድኹም ምሕደራን ምንባሩ ዝጠቐሱ ተሳተፍቲ ናይ'ቲ ሃይማኖታዊ በዓል፡ ኣብ ዝመጽእ እዋን ኣብ ዝኸበር ተመሳሳሊ በዓላት'ውን ከምዚ ዝበለ ሓደጋታት ንኸይጋጥም ጥንቃቐ ክግበር ጸውዒት ኣቕሪቦም።

ኣብ ዝሓለፈ ዓመት'ውን ኣብ ሓደ ሃይማኖታዊ በዓል'ታ ሃገር ብዘኸሰተ ሓደጋ ጽቕጥቕጥ፡ ኣስታት 121 ሰባት ከምዝሞቱ ናይ ሽዑ ጸብጻባት ይሕብሩ።

ኣብ ህንዲ፡ ኣብ ሃይማኖታዊ በዓላትን ካልኦት ዓበይቲ ኣጋጣሚታትን ብዘኸሰቱ ሓደጋታት ጽቕጥቕጥ፡ ዓመታዊ ብኣማኢት ዝቑጸሩ ሰባት ከምዝሞቱ ጸብጻባት የረድኡ።




| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ |
| --- | --- | --- | --- |
| ፋርማሲ ደንደን | 30/01/2025 | ጎደና-117-15፡ ቁ.11፡ጥቃ ሼል ዕቑብ ሃይለ | 121140 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565

Sabur Printing Services